# ሃገራዊ ሰልፊ

## ሰልፊ ማሕበራዊ ዲሞክራሲ



## ፖለቲካዊ መደብ-ዕዮ

እዚ መትከላትን መርገጺታትን ዝሓዘ ፖለቲካዊ መደብ-ዕዮ እዚ ኣውራ ሰነድ ሃገራዊ ሰልፊ ኢዩ።

ብዕለት 28 ሚያዝያ 2023 ብመስረትቲ ኣባላቱ ብወግዒ ጸዲቑ።

እዚ ሰነድ እዚ ብመሰረት ጉባኤታትን ውሳኔታትን ሃገራዊ ሰልፍን ኣብ እዋኑ ዝህልዉ ምዕባሌታትን ክመሓየሽን ክምዕብልን ዝኽእል ኢዩ።

ሃገራዊ ሰልፊ

ዕንትርና - ብልጽግና - ሓጐስ

# ትሕዝቶ

1. ካርታን ኣቀማምጣን ሃገርና
2. ድሕረ-ባይታ ኤርትራን ህዝባን
3. ኤርትራን ኤርትራውነትን
    3.1. ህሉው ደረጃ ኤርትራን ኤርትራውነትን
        ሀ) ቤታዊ
        ለ) ግዳማዊ
    3.2. ሰልፍና፡ ኤርትራን፡ ኤርትራውነትን
        ሀ) ቤታዊ
        ለ) ግዳማዊ
4. ንሕና መን ኢና
5. መጸውዒና
6. ጭርሖታትና
7. ህሉዋትን ትንቡያትን ጸገማት
8. ሸቶታትና
9. ሜላታት
    9.1. ኣብ ግዜ ደሞክራሲ
    9.2. ኣብ ዝተረፈ እዋን
10. ሕመረት ሃገራውያን ክብርታትና
11. ኣርማና
12. ወገንና
13. ስነ-ስርዓት
14. ቁጠባዊ፡ ማሕበራውን፡ ፖለቲካውን መርሓ-ግብርታትና
    14.1. ቁጠባዊ
        14.1.1. ተፈጥሮኣዊ ጸጋታት
        14.1.2. ሕርሻ
        14.1.3. ኢንዳስትሪ
        14.1.4. ፋይናንስ

14.1.5. ንግዲ
14.1.6. ወተሃደራዊ
14.1.7. ማይ
14.1.8. ጸዓት
14.1.9. ስፖርታዊ ወፍሪ
14.1.10. ስነ-ጥበባዊ ወፍሪ
14.1.11. ስነ-ፍልጠት፡ ምርምርን ዳህሳስን
14.1.12. ቱሪዝም
14.1.13. መሬትን ኣባይትን
14.1.14. ሳይበር
14.2. ማሕበራዊ
14.2.1. ባህልን ትምህርትን
14.2.2. ጥዕና
14.2.3. ማሕበራውን ሰብኣውን መሰላት
14.2.4. ምምላስ ኤርትራውያን ስደተኛታት
14.3. ፖለቲካዊ
14.3.1. ዓይነት መንግስቲ
14.3.2. ሕገ-መንግስቲ (ቅዋም)
14.3.3. ኤርትራዊ ዜግነት
14.3.4. እምነት
14.3.5. ብሄር/ቀቢላ
14.3.6. ቀጽርታት ምምሕዳርን ምርጫን
14.3.7. ሃገራዊ ኣገልጉሎትን ሰራዊትን
14.3.8. ባንዴራ
14.3.9. ሃገራውያን በዓላትን ናይ ዕረፍቲ መዓልታትን
14.3.10. ቋንቋ
14.3.11. መሰጋገሪ መንግስቲ ኤርትራ (መ.መ.ኤ.)
14.3.12. ወጻኢ ዝምድናታት
ሀ) ዓለማዊ ምሕዝነትን ርእይቶን
ለ) ዶባት ሃገርና
ሐ) ኢትዮጵያን ሱዳንን

## 1. ካርታን ኣቀማምጣን ሃገርና

ኤርትራ 15° ሰሜን 39° ምብራቕ እትርከብ ቀይሕ-ባሕራዊት ኣፍሪቃዊት ሃገር ኢያ። ጠቕላላ ስፍሓታ 117,600 ትርብዒት ኪ.ሜ. ኰይኑ፡ እዚ ነቲ 101,000 ትርብዒት ኪ.ሜ. የብሲን፡ ነቲ 16,600 ኪ.ሜ. ማያዊ ክፉልን ዘካተተ ኢዩ። ንውሓት ምድራዊ ዶባታ 1,840 ኪ.ሜ. ኰይኑ፡ እዚ ድማ ብሸነኽ ኢትዮጵያ 1,033 ኪ.ሜ.፣ ብሱዳን 682 ኪ.ሜ.፡ ብጅቡቲ ከኣ 125 ኪ.ሜ. ኢዩ ዝኸውን ዘሎ። ንውሓት ገማግም ባሕራ ብጠቕላላ 2,234 ኪ.ሜ. ክኸውን እንከሎ፡ እቲ 1,151 ኪ.ሜ. ገማግም እቲ ኣውራ ምድራ እቲ ዝተረፈ 1,083 ኪ.ሜ. ድማ ናይ ደሴታት ኢዩ።

## 2. ድሕረ-ባይታ ኤርትራን ህዝባን

ከም ኩለን ሃገራት ኣፍሪቃ፡ ንጕረባብታ ደሚርካ፡ ናብ ናይ ሃገር ቅርጺ ንኽትሕዝ ግዜ ዝወሰደላ ኤርትራ፡ *ንዘመናት ኣብ ከርሳ ክነብርዋ ዝጸንሑን፤ ካብን ናብን ክንቀሳቐሱ ዝጸንሑ እሞ መዋድቖኦም ዘንበሩላን፤ ድሒሮም ብሰንኪ ባህርያውንን ሰብ ዝፈጠሮምን ሓደጋታትን ስግኣታትን ኣብ ስደትን ከርተትን ካብ ዝርከቡን፤* ህዝብታት ዝቼመት ሃገር ኢያ።

እዛ ኣብ ምውጻእ 19 ክፍለ-ዘመን ዘመናዊ ጅኦግራፍያዊ ቅርጺ ክትሕዝ ዝጀመረት ኤርትራ፡ ዶባታ ብባዕዳውያን ገዛእቲ ሓይልታትን ናይ ዓለም ሓያላንን ምስ ከባብያዊ ገዛእትን ብዝተገብሩ ውዕላትን፡ ንዓለምለኻዊ ሕግን ስምምዓትን ደሚርካ፡ ኢያ ናይ መወዳእታን ናይ ሕጂን መልክዓ ሒዛ ዘላ።

እዞም ድሕሪ እቲ ኣብ በርሊን ብኤውሮጳውያን ዝተፈጸመ ‘ምግምማዕ ኣፍሪቃ’፡ ኤርትራውያን ዝተሰምዩ ህዝቢ ምስ መሬቶምን ሓድሕዶምን

ዝጸንሖምን ዘለዎምን ፍቕሪ ምስኩር ኢዩ። ነናይ ባዕሎምን ምስ ከባቢኦምን ብሕግን ድግን ከመሓዳደሩ እውን ጸኒሖም ኢዮም። እቲ ኤርትራውነት ዝበሃል መንነት ድማ በብደረጃኡ ኢዩ ክምዕብል ጸኒሑ። እዚ ኤርትራዊ ሃገራዊ ስምዒትን ርድኢትን እዚ፡ ኣብ ትሕቲ ጥልያን ሰረቱ ዝሓዘን፤ ምስ ምምጻእ እንግሊዝ፡ ማለት ኣብ ቀራና መንገዲ ምስ ተኣትወ፡ ድማ ዝተርንዐን ኢዩ። ከም ፍሪኡ ድማ፡ እቲ ብምክፍፋልን ንምክፍፋልን ዝተፈርደ ህዝቢ ሰጢሙ ብምልኣት ናብ ኤርትራውነት ተዓቍቡ። ኤርትራውነት ብፍላይ ኣብ ግዜ ፖለቲካዊ ቃልሲ፡ ኣብ 1940ታትን 1950ታትን፡ ኢዩ ኣጉላዕሊዑ ተሃኒጹ። ኣብ ግዜ ብረታዊ ቃልሲ ድማ ስጡም ቅርጹ ሒዙ ኣብ 1993 ድማ ብረፈረንዱም ምሉእ ብምሉእ ተመስኪሩን ደሚቑን።

ብተወሳኺ ኣመለኻኽታ ድማ፡ ኤርትራን ኤርትራውያንን ስለስተ መድረኻት ኣለዉዎም። እዞም መድረኻት ድማ ነናቶም ንኡሳን መድረኻት ኣለዉዎም። እቲ ቀዳማይ መድረኽ፡ ነቲ ቅድሚ ኤርትራ ከም ዘመናዊት ሃገር ዝተጠርነፈትሉ ዝነበሩ ጥንታውያን ነበርቲ እዛ ናይ ሕጂ ኤርትራ ዘመልክት ኢዩ። እቲ ካልኣይ ወይ ማእከላይ እንብሎ ድማ፡ ነቲ ካብ ምስረታ ሃገረ ኤርትራ 1890 ክሳብ 1993 ዝነበረ ናይ ልኡላውነት ምርግጋጽ ሕቄና ኢዩ። እቲ ሳልሳይ ድማ እቲ ድሕሪ 28 ግንቦት 1993 ዘለናዮ ኢዩ።

ብርግጸኛነት ንኤርትራ ካብ እቲ ሳልሳይ መድረኽ ናብ እቲ ማእከላይ፡ ካብ እቲ ማእከላይ ናብ እቲ ቀዳማይ ተመሊሱ ክሰጋገር ንኤርትራዊ ፍጹም ውሕስነትን ፋይዳን የብሉን። ካብኡ ዘይሓይሽ ኣማራጺ እውን የለን። ብቐንዱ ህሉው ዓለምለኻዊ ኣመሓድራ ነቲ ተኽእሎ የጽብቦ ኢዩ። ንኣብነት ኤርትራ ካብ እዚ ሳልሳይ መድረኽ ናብ እቲ ቀዳማይ ክትሰጋገር ኣይትኽእልን፤ ምኽንያቱ ከም ሃገር ምህላዋ ከቋርጽ እንተዘይኰይኑ፡ ኣብ

መንገዶ እዛ ብሃገራት ዝቼመት ኣፍሪቃ ኬንካ ዘይሃገር ክትከውን ኣይከኣልን። ኤርትራ ናብ እቲ ማእከላይ መድረኽ ድማ ኣይትሰጋገርን፤ ምኽንያቱ እቲ መድረኽ እቲ ንህዝባ ከቢድ ዋጋ ዘኽፈለና ታሪኽ መግዛእትን ኣደራዕን ስለዝኾነ። ብዘይብኡ ኤርትራ ብፍቶታ ዝተገዝኣቶ ወይ ረድያ ኣካሉ ዝኾነት ሓይሊ ይኹን ሃገር እውን ስለዘየለ ኢዩ።

እቲ ማእከላይ መድረኽ ነቲ ኣንጻር መግዛእቲ ዝተገብረ ውሁድ ይኹን ውልቃዊ ቃልስታት፤ ድሕሪኡ እውን ፖለቲካዊ፤ ካብ 1961 ድማ ወተሃደራውን ፖለቲካውን ቃልሲ፤ ኣብ መንገዶ 1991 - 1993 ድማ ዲፕሎማስያውን ፖለቲካውን ቃልስታትን፤ ዝኣመሰሉ ንኡሳት መድረኻት የጠቓልል። እዞም ንኡሳን መድረኻት ድማ ነናብ ነናቶም ዝንእስዎም መድረኻት ይከፋፈሉ ኢዮም። ንኣብነት፡ ኣብ 1961 - 1991 ዝነበረ ናይ ቃልሲ ግዜ፡- ቀዳማይ ዓሰርተ ናይ ተሓኤ መድረኽ፤ እቲ ካልኣይ ዓሰርተ ሓንፈጽ መድረኻት ተሓኤ፡ ህዝባዊ ሓይልታትን ህዝባዊ ግንባርን፤ እቲ ሳልሳይ ዓሰርተ ድማ ብህዝባዊ ግንባር ዝተዓብለለ መድረኽ ኢዩ ኔሩ።

እዞም መድረኻት እዚኣቶም ነፍሲ-ወከፎም ብኣሉታውን ኣወንታውን ፍጻሜታትን ስጉምታትን ዝቼሙ ኢዮም። ገለ ስጉምታት ውጹኣት ወይ ናይ ኩሉ እዋን ቅኑዓት ወይ ጌጋታት ክኾኑ ይኽእሉ። ገለ እውን ኣብ እቲ ግዜ እቲ ንዝነበሩ ወሰንቲ ዜጋታት ቅኑዕ ኰይኑ ዝተራእዮም፡ እንተኾነ በዚ ናይ ሎሚ መለክዒ ዓይኒ ጌጋ ዝመስሉ ክኾኑ ዝኽእሉ ኢዮም። በዚ ኾይኑ በቲ፡ ኤርትራዊ ዘበለ ንሃገራዊ ታሪኽ ኤርትራ ከም ታሪኽና ብምቕባል፡ ነቲ ዝቕጽል ክፉል ሳልሳይ መድረኽና ከም መምሃርን መወከስን ተጠቒምካ ምስ ናይ ዘመንና ኣተሓሳስባ ኣወሃሂድካ ምምራሽ ኣውራ ኣማራጺኡ ኰይኑ ይረኽቦ።

ኤርትራ ኣብ ሳልሳይ መድረኽ ትርከብ። ቀዳማይ ክፋል ናይ እዚ ሳልሳይ መድረኽ ድማ ህዝባ ንቐድሚት ተርኒዑ ንክኸይድ ዘሐርኖ እምበር ንድሕሪት ዝመልሶ ጭብጢ የለን። ርግጽ ኢዩ ኤርትራ ንሕጂ ሳልሳይ መድረኻ ከምዝደለየቶ ክትድህስሶ ኣይከኣለትን ኣላ። ሽሕ እኳ ንድሕሪት እንተተመሊሳ፡ ናብ መጀመርያ እቲ ሳልሳይ መድረኽ እምበር ናብ እቲ ጥንታዊ ቀዳማይ መድረኽን ናብ እቲ ንምህላዋ ዝተጻዕረትሉ ወይ ዝተፈተነትሉ ካልኣይ መድረኽን ግዜን ናይ ምምላስ ጋህዲ የለን።

# 3. ኤርትራን ኤርትራውነትን

## 3.1. ህሉው ደረጃ ኤርትራን ኤርትራውነትን

ኤርትራውነት፡ ካብ እቲ ዝደልደለሉ ግዜ ኣትሒዙ፡ ካብ ረፈረንዱም 1993 ንድሕሪት፡ ሓድሽ ዓይነት ህላዌ፡ ዓለምለኻዊ ኣፍልጦ ዘለዎ ህላዌ ኢዩ ጀሚሩ። ኣብ ቅውምቲ ሃገር፡ ምስ እቲ ናይ ቃልስን ቅድሚኡን ዝነበረ ኣተሓሳስባን ሕብረተ-ሰባትን – ብውሽጣውን ዓለማዊ ጽልዋታትን ዝመጹ ለውጥታት – ብምውድዳር፡ ናይ ሎሚ ኤርትራዊ ካብ እቲ ኣብ 19 ክፍለ-ዘመን ናይ መወዳእታ ቅርጻ ከትሕዝ እንከላ ዝነበረቶ ዝፍለ፡ ቁጠባዊ፡ ማሕበራዊን ፖለቲካውን ለውጥታት ዘለዋ ሃገር ዘላቶ ኢዩ።

ኤርትራውነት፡ ምስ ኩሉ ብድሆታቱ፡ ብፖለቲካዊ ቃልሲ 1940ታትን 1950ታትን ተፈቲኑ ዝሓለፈን ዝደልደለን ኢዩ። ኣብ ብረታዊ ቃልሲ ድማ ዓይነቱን ቅርጹን ብፍሉይነት ኣረጋጊጹ። ኤርትራዊ ንኤርትራውነት ከም ሃገራዊ መንነት ሓንጐፋይ ኢሉ ተቐቢሉን፡ ዓሌቱ፡ ድሕረ-ባይታኡ፡ ሃይማኖቱን ሓሳቡን ብዘየገድስ ብማዕረን ብምውህሃድን ኩሉ ንኤርትራውነት ዝጠቅም ዓይነት ዋጋን መስዋእትን ከፊሉን ኢዩ። እቲ ኣገዳሲ ክፋል ሃገራዊ ኤርትራዊ መንነት ጽቡቕ መሰረት ይሓዝ እምበር፡

ኣብ ዝሓለፉ ዕቑዳት (ዓሰርተታት ዓመታት) ግን ዘይተገመቱን ዝተወንዘፉን ብድሆታት ገጢሞምዎ ይርከቡ። እዞም ብድሆታት እዚኦም፡ እዋናውያን ጥራይ ዘይኮኑስ ኣብ መጻኢ እውን ክምዕብሉ ወይ ክፋረዩ ዝኽእሉ ኢዮም። ብምጥቕላል እዞም ብድሆታት ኣብ ክልተ ክኽፈሉ ይኽእሉ – ቤታውን ግዳማውን።

ሀ) ቤታዊ

ቤታዊ ብድሆ እውን ናቱ ክፍልፋል ኣለዎ። ንምጽማቕ ንኽጥዕም፡ እዚ ነቲ ነዚ ኣብ ምህናጽ ኤርትራውነት ተራ ዝነበሮ እሞ ነዚ ሳልሳይ መድረኽ ዝመርሕ ዘሎ ፖለቲካዊ ሓይልን (ህግደፍ)፤ ነቶም ብገለን ኣብ ገለን መድረኻትን ምስ ሃገራዊ ስምዒት ዝተዳነዩ ዜጋታትን የጠቓልል።

ህግደፍ ንኤርትራውነት ብናቱ መልክዕ ክቐርጾን ክሃንጾን ጸኒሑ ኣሎ። እዚ ሰልፊ፡ ህግሓኤ እንከሎ፡ ነቲ መሰረታዊ ዝኾነ እንደልዮ ኤርትራውነት ዝሰማማዐ ወይ ዝሰማምዐ ዝመስሉ ባእታታት ነይሮምዎ ኢዮም። ህግደፍ ክኸውን ምስበለን ምስኮነን ግን፡ ብርኡይ ንመሰል ውልቀ-ሰባትን እኩባትን ዝጕሰየን ምስ ምውድዳርን ምስ ፖለቲካዊ ረብሓኡን ዝተላፈነን ኤርትራውነት ምህናጹ ኣሰካፍነቱን ሓደገኛነቱን ይረኣየና። ከም ዓስቡ ድማ፡ ንምስ ኤርትራውነት ዝተሓላለኹ ዝተፈጸሙ ደማውያን ኲናታት ተቓሊዕና ኢና።

ብተወሳኺ፡ ንኤርትራውነቶምን ንኤርትራውነት ኲሉ ኤርትራውን፡ ምስ ኣብ ባዕዳውያን ልኡላውነታት ዘለዉ ብእምነታት፡ ዘርእታት፡ ቋንቋታትን፡ ድሕረ-ባይታን ምስ ዝመስልዎም ሰባት ክነግድሉን ክደፍኡሉን ዝርከቡ ኤርትራውያን ኣካላት ኣለዉ። ገለ ካብዚኦም ውጥም-እትው ክብሉ ዝጸንሑ ሓሳባትን ተበግሶታትን ክኾኑ እንከለዉ፡

ገሊኦም ድማ ካብ ዘይህላወ ብስራይ ከተንስእዎም ሕጊግ ዝብሉሎም ዘለዉ ምትሃታትን ኢዮም። እዚኦም ታሪኻዊ ሓቅነቶም ብመርትዖ ዘይተደገፈን ናይ ዓቕሊጽበትን ካብ ዘየለ ስግኣትን ዝተበገሱ እኳ እንተኾኑ፡ ንኤርትራውነት ስግኣታት ምኻኖም ኣይተርፎምን።

ለ) ግዳማዊ

ህዝቢ ኤርትራ ምስ ንህላዌኡን ንምንባሩን ዝተናኾሉን ዝዕምጹን ሰብ ከባቢን ሰብ ርሑቕን ወረርቲ ናይ ዘበናት ተመኩሮ ኢዩ ዘለዎ። ናይ ደገ ሓይልታት ንኤርትራውነት ዝተናኾልን ዝተኩብን ሓሳባት፡ ቃላትን ተግባራትን ከዕዝዙ ይረኣዩ ኢዮም። ገሊኦም ምስ ምዕባሌታት ዓለማዊ ስርዓታት ዝተሓሓዙ ክኾኑ ኢዮም። ገሊኦም ድማ ነቶም ንሓድነት ኤርትራውነት ኣዕኑድ ዝኾኑ እምነታት፡ ዘርእታት፡ ቋንቋታትን ድሕረ-ባይታን ዝነቓንቑን ክምሕዉ ዝፍትኑን ሓደገኛታት ወራራት ኢዮም። ብተመሳሳልነቶምን ብምስሉይነቶምን፡ እንተብቐጥታ እንተብተዘዋዋሪ፡ ተጻይ ኤርትራውነት ምኻኖም ዘጠራጥር ኣይኮነን። በዚኦም እውን ንምስ ኤርትራውነት ዝተተሓሓዙ ዝተፈጸሙ ደማውያን ኲናታት ተቓሊዕና ኢና።

## 3.2. ሰልፍና፡ ኤርትራን፡ ኤርትራውነትን

እታ በቶም ብዓለምለኻዊ ኣፍልጦን ስምምዓትን ዝተነጸሩ ዶባት ዝቈመት ኤርትራ ዘይተወላውል ምንጪ ኤርትራውነት ምኻናን ኲይና ከም እትቕጽልን ጽኑዕ እምነትና ኢዩ። ኤርትራውነት ድማ ንዓና ማእከልን፡ ቀንድን፡ ናይ እንታይነትን ጉዳይን ኢዩ። ስለዚ ነቶም ቤታውያንን ግዳማውያንን ብድሆታትን ሓደጋታትን ክንምክት ግዲ ይኾነና። ኤርትራ ሃገርና ኣብ *"መዋእለ-ኣደራዕ"* ኣላ ኢልና ንኣምን። ብሰንኪ እቲ ዓሊቑዋ

ዘሎ በሓትን ኢፍትሓውን ሓይሊ (ህግደፍ)፡ ኤርትራ ፖለቲካዊ ነጻነታ ዘይተሓለወ እንተሃለወት እኳ፡ እቲ ኤርትራውነት ገና ኣብ እቲ ዝግብኦ ቦታ ማለት ኣብ ኤርትራውያን ከም ዘሎ ንኣምን። እዚ ማለት ዝፍተን ኤርትራዊ የለን ወይ ንኤርትራውነት ዝፍትን ኩነታት ኣይተረኽበን ኣሎ ማለት ከስምዕ ኣይግባእን። እንታይ ደኣስ፡ ንኤርትራ ዝኣክል ኤርትራውነት ከም ዘሎ ስለ እንኣምን ኢዩ። ሃገራዊ ሰልፊ ድማ ነዚ ንምስማርን ንምርግጋጽን ንምውሓስን ደው ዝበለ ፖለቲካዊ ሓይሊ ኢዩ።

ሃገራዊ ሰልፊ፡ ነቶም ኣብ ቀዳማይን ካልኣይን መድረኻትና ዝተመስርሑ ኲሉ መድረኽ ኣምጽኦም ነቓዓት ብምምዝማዝ፡ ነዚ ሳልሳይ መድረኽናን ኤርትራውነትን ከቈናጽቡን ከዘናብዑን ዝፍትኑን፡ ትርጉም ናይ ሳልሳይ መድረኽን ናይ ወዲ ሰብ ማሕበራውን ታሪኻውን ፖለቲካውን ፍልቀት ብኣዒንቲ ድሕረቶም ዝርእዩን ዜጋታት፡ ኣተሓሳስባታትን፡ ጕደቦታትን ኣየተኣናግድን።

ሀ) ቤታዊ

ህግደፍ ንኤርትራውነት ምስ ውድባዊ ረብሓኡን ቀጻልነቱን ከተሓሕዞ ስለዝፈተነ ጉድኣታቱ ካብ ጥቕምታቱ ንላዕሊ እናዓዘዘ ክመጽእ ጸኒሑም ኢዮም። ሽሕ እኳ ንኤርትራውነት ዝጠቅም ዝመስሉ ኣቕዋም እንተተረኽብዎ፡ ህግደፍ ቀዳምነታቱ ንሃገራዊ ውሕስነትን ሃገራዊ ሓድነትን ብምምስሳል፡ ንህልውናኡን ንምንዋሕ ስልጣኑን ኢዩ ከህርኩት ጸኒሑ። እቲ ዝገደደ ድማ፡ እዚ ሕሉፍ ግንባር እዚ፡ ናይ ኤርትራውነት ሰራሒ፡ ተርጓምን፡ ኣውሓስን በይኑ ኰይኑ ስለዝስምዖን ስለዝቐርብን ኢዩ።

*ንኣብነት፡ ቅድሚ ሕጂ 9 ብሄራት ብዝብል ኣቓዲሙ ናብ ነጻነትን ልኡላውነትን ዘብጽሐ ኣተሓሳስባ ክሳብ ሕጂ ክጥቀሙሉ ጸኒሖም ኣለዉ። ኣብ ግዚኡ ሰሪሑ እኳ እንተተባህለ፡ ሕጂ ግን ምስ መሰልን ክዉንነትን ብምንጽጻር እቲ ኣሃዝ ካብ ትሽዓተ ኣሃዝ ከምዝበዝሕ ንግንዘብ። ሕጂ እውን ብመሰልን ክውንነትን እቲ ካብ ክልተ እምነታት እስልምናን ክርስትናን ዝኩራት ማሕበራትንን ዝቘመ ጥራይ ኢዩ ክንብል ኣይንኽእልን። ካልእ ምሳሌ፡ ናይ ሎሚ ኤርትራ ኣመንቲ ዝተፈላለዩ እምነታትን ኢኣመንትን ዘለዉዋ፡ ዝበዝሑ እምነታትን ዝበዝሐ ቁጽሪ ማሕበራትን ዝርከባ ሃገር ኢያ።*

ብደረጃ ሰልፊ፡ ናይ ሎሚ ኤርትራውነት ብመሰረት እዛ ናይ ሎሚ ኤርትራ ከነርትዖ ንግደድ። ኤርትራውነት ስጡም ኰይኑ ክቐጽል ዘለዎ እኳ እንተኾነ፡ ሃገራዊ መንነት ምስ ክውንነት ዝምዕብልን ዝፍልቕን (ደፋእ ኢሉ ዝልወጥን) ምዃኑ ታሪኽናን ኣበጋግሳናን እውን ህያው ምስክር ኢዩ። ስለ እዚ ድማ ኢና ምስራሕ፡ ምትርጓምን፡ ምውሓስን ኤርትራን ኤርትራውነትን ናይ ኩሉ ዜጋ እምበር ናይ ዝተወሰነ ውልቀ-ሰብ ወይ ፖለቲካዊ ይኹን ኢፖለቲካዊ ጉጅለ ኣይኮነን እንብል። እቲ ዕማም ምስራሕ፡ ምትርጓምን፡ ምውሓስን ኤርትራን ኤርትራውነትን ናተይን ናተይ ጥራይን ኢዩ ኢልካ ምሕሳብን ምርኡይነትን ኢዩ እቲ ዝኸፍአ ንኤርትራውነት ንሓደጋ ከቃልዕ ዝኽእል።

ነቶም ንኤርትራውነቶምን ኤርትራውነት ኩሉ ኤርትራውን፡ ኣብ ባዕዳውያን ልኡላውነት ምስ ዘለዉ ብእምነታት፡ ዘርእታት፡ ቋንቋታትን ድሕረ-ባይታን ዝተኣሳሰሩዎም ሰባት ዝነግድሉን ዝደፍኡሉን ብስነ-ሓሳባትን ብርድኢትን ብኹሉ መዳያትን ክንቃለሶም ኢና። ከም ዜጋታት መጠን፡ ውሕስነት ሃገራዊ ኤርትራዊ መንነት ዋኒንና ኢዩ።

ገለ ካብዚኦም ውጥም-እትው ክብሉ ዝጸንሑ ሓሳባትን ተበግሶታትን፡ ገሊኦም ካብ ድማ ካብ ዘይህላወ ብስራይ ከተንስኡ ሕጊግ ዝብሉሎም

ዘለዉ ምትሃታትን፡ ሓደገኛታት ጸላእቲ ኤርትራውነት ብምኻኖም ክንገጥሞም ዕማምና ኢዩ። ታሪኻዊ ሓቅነቶም ብመርትዖ ዘይተደገፈን ናይ ዓቕሊጽበትን ካብ ዘየለዉ ወይ ዝተመስርሑ ስግኣታት ዝተበገሱን ይኹኑ እምበር፡ ንኤርትራውነት ስግኣታት ምኳኖም ስለዘይተርፎም ክንብድሆም ኤርትራውን መትከላውን ግዴታና ይድርኽና።

ለ) ግዳማዊ

ብሰንኪ ኣተኣላልያ ህግደፍ ዝመጹን ወይ ዝተመስርሑን ስግኣታት ክመዓራረይዎምን ክናኽስዎምን ሪእና እኳ እንተኾንና፡ ኤርትራ ደጋዊ ስግኣታት የብላን ኢልና እንኣምን የወሃት ኣይኮንናን። እዚ ክንብል እንከለና ዓለምለኻዊ ኣሰላልፋ ይኹን ጂኦ-ፖለቲካዊ ምዕባለታት ኣድቂቕና ኢና ንግንዘብ። ብርግጽ ሃገራዊ ውሕስነት ንሕና እውን ብቐዳምነት እንሰርዖ ኢዩ። ማዕርነት ዝጐደሎ ሽርክነት እውን ኣይንስዕቦን ኢና።

ነቶም ንኤርትራውነት ዝተናኾልን ዝተኩብን ሓሳባት፡ ቃላትን ተግባራትን ዘዕዝዙ ባዕዳውያን ሓይልታት ካብ እቲ ናይ ህግደፍ ዝሰርሓሎም ብዝበለጸ ሜላን ተዓጽጻፍነትን ክንቃለሶም ዘይንድቅሰሉ ውጥንና ኢዩ። ነቶም ንሓድነት ኤርትራውነት ኣዕኑድ ዝኾኑ እምነታት፡ ዘርኢታት፡ ቋንቋታትን ድሕረ-ባይታን ዝነቓንቑን ክምሕዉ ዝፍትኑን ሓደገኛታት ወራራት ድማ ብዝበለጸን ብዝሰልጠነን መንገድታት ከም እንምክቶም ኣይንጠራጠርን። ናይ ኩሉ ግዜ ግዳማዊ ጸላኢና እዚ ኣይንብልን፤ ናይ ኩሉ ግዜ ፍቑርና ግን ህዝቢ ኤርትራ ኢዩ።

ብተወሳኺ፡

- ሰልፍና፡ ነዞም ቤታውያንን ግዳማውያንን ንኤርትራ ስግኣታት ዝኾኑ፡ ከከም ደረጃታቶምን ኣኣብ እዋኖምን መምስ ግዜኡን ብብቕዓት ክሰርዕን ክብድህን ኢዩ።
- እቲ እንጋደለሉ ምህናጽ ሃገራዊ ኤርትራውነት ኣብ ኲሎም ዓይነት መሰላትን ግቡኣትን፡ ማዕርነት፡ ፍትሒ፡ ብልጽግና፡ ምዕሩይነትን ምትኽኻእን ዝኣመሰሉ ዝተመርኰሰ ኢዩ።
- ከም እቲ ንሕና ነቲ ህሉው መሳርዕ ኤርትራውነት እንቕበሎ ዘለና፡ ነቶም ዝመጹ ወለዶ ድማ ምውራስን፡ ናቶም ኤርትራውነት ንኸወሃህዱ ኣብነት ምኳንን፡ መድረኽ ምፍጣርን ሓሳብ ልብናን ዕማምናን ኢዩ።

## 4. ንሕና መን ኢና

ንሕና ንኤርትራውነት ማእከልና፡ ቀንድን፡ ናይ እንታይነትን ጉዳይ ዝገበርና ዜጋታት ኢና። ሕቡናት ሃገራውያን ሓርበኛታት ኢና። ነቲ ህዝብናን ንሕናን እንርከቦ ኩነታት ብኹሉንትናና ብዘይምሕላልን ብተወፋይነትን ንምንቃል ድማ ነቒልና ንርከብ። ንሃገርና ናብ ቀጻሊ ሰላም፡ ርግኣት፡ ስኒትን ዕቤትን ክንመርሕን፡ ውልቃውን እኩባውን መሰላት ህዝብና ናብ ዝተኸብረሉ መዋእል ምስግጋርን ጾርና ዝገበርና ኢና። እዚ ድማ ነቶም ናብ እቲ መዋእል እቲ ንኸይንበጽሕን ንኸይንሰጋገርን ዕንቅፋት ዝኾኑና ሰብ-ሰርሖም ዓመጻትን ተጻብኦታትን *(ባህርያት ማሕበረ-ሰባዊ ፍልልያትና፡ ዕሙት ሃገራውነት፡ ጸቢብነት፡ ወገናውነት፡ ባህርያዊ ተፈጥሮታት፡ ዘይምምጥጣን ንቕሓት፡ ድኽነት፡ ከባቢያዊን ዓለምለኻዊ ጸልዋታትን ካልኦትን)* ንዝመዓራረዩ ብምትዕርራይ፡ ንዝወሃሃዱ ብምውህሃድ፡ ንዝብድሁ ብምብዳህ፡

ንዝውገዱ ብምውጋድን፡ ንዝፍትሑ ብምፍታሕን ንፍጽሞ። ኮታ ብሓርበኝነት ወትሩ ንረብሓ ኤርትራ ቀዳምነት እንሰርዕ ደቂ ህዝቢ ኢና።

ንሕሉፋት ሰናያትን ጌጋታትን ማሕበራዊ፡ ፖለቲካውን፡ ቃልሳውን ታሪኽና ናብ ነላግበሉ የብልናን። እኳ ደኣ ብትብዓት ከም ታሪኽና ወሲድና፡ ንዝዕቀብ ዓቂብና፡ ንዝምዕብል ኣማዕቢልና፡ ንዝእመን ተኣሚንናን፡ ንዝእረም ኣሪምናን ክንከይድ ዝወሰንና ሰብ ክፉታት-ልቢ ኤርትራውያን ኢና። ንሕና፡ ንህሉው ኤርትራውነትን፡ *(ምስ ኩሉ ብደሆታቱ)* ብምትርናዕን ምርግጋጽን ደሞክራስያዊ ክብርታትን ምስ ናቱ ክብርታት ብምውህሃድ ምስናይ ሓርነቱ ብዘጽደቖ ሕገ-መንግስቲ ዝኸይድ ህዝቢ ምህናጽ ሃንቀውታና ዝኾነና ኢና።

በዚ ምኽንያት ከኣ ኢዩ፡ ዝቐጽሉ ወለዶታት ከምዝጥዕሞም ጌሮም ዘወሃህድዎ ኣብ ሕግን ነጻነትን ዝተመርኮሰ ሰባውን ቁጠባውን ብልጽግና ዘረጋግጹሉ መድረኽ ምፍጣር እውን ዘይንድቅሰሉ ዕላማ ኰይኑልና ዘሎ። ኤርትራዊ ሃገራዊ ሓሳብ ዝሓዝናን ሰብኣውነት እንኣምንን ዜጋታት ኢና። ንኤርትራ ከድሕናን ከሕውያን ካብኡ ሓሊፉ ድማ ናብ ጥርዚ ዕቤት ክብጽሓ ዝኽእል እቲ ዝሓሸ ራኢ ኣለና ኢልና ስለ እንኣምን ኢና ድማ ተመስሪትና።

ንሃገርና ሃብታምን ዕንትርትን ንምግባር፡ ርእስና ብስነ-ስርዓት ዝሃነጽናን፡ ንህዝብና ከነገልግል ምእንቲ ዓቕምና ወትሩ እነማዕብልን ድሉዋትን ጥንቁቓትን ዜጋታት ኢና። ኮታ ንምድርና ካብ *'መዋእለ-ኣደራዕ'* ናብ *'መዋእለ-ምልኣት'* *ናብ* *'መዋእለ-ራህዋ'* ንምስግጋር ዝመነንና ኢና። ምኽንያቱ፡ ብኩራት ብልጽግና ድኽነት፡ ብኩራት ዕንትርና ድማ ልምሰት፡ ምኺኑ ስለ ዝተጋህደልናን ዝተሰቈረናን ኢዩ። ካብ እዚ *'መዋእለ-ኣደራዕ'* ዘድሕና ከም እዚ ናትና ዝኣመሰለ ርሑቕ ተኰር ራኢን ዓቕምን

ሓርበኝነትን ጥራይ ኢዩ ኢልና ንኣምን። ሰልፍና ዘይስከፍ፡ ዘይሓፍርን ዘይጸዓድን ሃገራዊ ኢዩ። ኣብ ጉዕዞ ሃገራውነት ድማ መሪሕ ተራ ዝጻወት ክኸውን ግድን ኢዩ።

ንሕና ብሃገርን ብሰልፍን ስድራቤት ኤርትራ ዝኾንና ኢና። ከም ኣካል ማሕበረ-ሰብ ዓለም መጠን ድማ፡ ነቲ ህግደፍ ዝደወኖን ከም ሳዕቤኑ ኣብ ልዕሊ ኤርትራውያን ዝተፈጥረ ግጉይ ኣጣምታ ከነዐሪ ብዕቱብ እንጽዕር ኢና። እዚ፡ ምስሊ ሃገርና ኣብ ዓለም-ለኻዊ መድረኽ ናይ ሰላም፡ ብልጽግናን፡ ምጽውዋርን ክንገብሮ እተወፈና እውን ስለዝኾንና ኢና።

## 5. መጸውዒና

ወግዓዊ መጸውዒ ሰልፍና *'ሃገራዊ ሰልፊ'* ኢዩ። መጠን ቅጽል ስምና ይኹን ስምና ወይ ራኢና ኳንና ክንርከብ ድማ ሰልፋውን ሃገራውን ግዴታና ኢዩ። ቅጽል ስምና ካብ መንነትና ክምንጩ ስለዝግብኦ *'ሓርበኛታት'* ወይ *'ሃገራውያን'* ወይ ድማ ክልቲኡ ክኸውን ይግብኦ – 'ሓርበኛታት ሃገራውያን'። ብተወሳኺ *'ደቂ ህዝቢ'* ወይ *'ንስራውያን'* ክኸውን እውን ይኽእል። ሰልፍና ድማ *ሰልፊ ሓርበኛታት፤ ሰልፊ ሃገራውያን* ወይ እውን *'ሰልፊ ሓርበኛታት ሃገራውያን'* ክኸውን ይኽእል። ምኽንያቱ ስምና፡ ራኢናን፡ ግብርናን ንሱ ስለዝኾነ።

## 6. ጭርሖታትና

- ዕንትርና፡ ብልጽግናን፡ ሓጐስን!
- ዓወትና ስዑር የብሉን!
- ሓደ ዜጋ፡ ኩሉ ዜጋ!
- ሓደ ከም ሽሕ፡ ሽሕ ከም ሓደ!

- ብሓባር ሃገር፡ ሃገር ንሓባር!

## 7. ህሉዋትን ትንቡያትን ጸገማት

እዞም ትሒቶም ዝዝርዘሩ፡ ዝጸንሑን ጽባሕ ጐፍ ዝብሉናን ድሮ ዝተጋህዱን ሰብ ዝሰርሖምን ተፈጥሮኣውያን ጸገማት ኢዮም ምኽንያታት መንቀሊና፡ መዐዘቢ መኸተናን፡ ዓየርቲ ራኢታትናን። እዚኦም እቶም እንተዘይህልዉ፡ እንተሒሾም፡ ወይ እንተተመሊሶም፡ ምምስራትናን ኣድላይነትናን ኣዝዩ ተዛማዲ ኣይምኾነን እንብሎም ጉዳያት ኢዮም። ዝርዝር እቶም ፍርዙናት ጸገማት ድማ:-

- ሰብ ካብ ዝፈጠሮ ዘበለ ጸገማትና እቲ ዝተወደበን ዝዓንኰረን፡ ተጻይ ብልጽግናን ውሑስ ድሕነትን ህዝብናን፡ ኰይኑ ዝርከብ ዘሎ ገዛኢ ሓይሊ ህግደፍ፡
- ንውሓትን ርዝነትን መከራን ድሕረትን ዘንቀሎምን ዘግነኖምን፡ *ፍልልይ፡ ምንቁልቋል እምነት ኣብ ሓድሕድን፡ ምዝንባዕ ሓድነትን* ኣብ መንጐ ፖለቲካውያን ሓይልታት ኰነ ጀለ ዜጋታት፡ (ንኣብነት፡ *ዕሙት ሃገራዊ ቃናታትን፡* ዘይሃገራዊ ሓሳባትን)፡
- ሰብን ተፈጥሮን ዘምጽኦ ዝሰረተ ኩለንትናዊ ድኽነት (ንጥረ-ነገራውን ናይ ፍልጠትን)፡
- ሰኣን ምልከትን ምስዓብን ቴክኖሎጂያዊ ምዕባለታት ዝስዕቡ፡
    - (ሀ) ሳይበራዊ ምቁንጻብ ኣብ ልዕሊ ደሞክራሲን ልኡላውነትን
    - (ለ) ካብ ክንዳናጸፎም ዝግብኣና ቁጠባውን ፍልጠታውን መኽሰባት ምኽሳር

- ዓለማዊ ዋዒ ዘኸተሎም ደርቂ፡ ውግእ ንማይን፡ ካልኦት ዕቱባት ተፈጥሮኣዊ ሓደጋታትን፡
- ውድድር፡ ንኡስ ርእሰ-ተኣማንነትን፡ ምንፋቕ ስብሓትን ከባብያውን ሓይልታት፡
- ስነ-ሓሳባዊ ኰነ ፖለቲካዊ ጽልዋን ቀላጽምን ዓለማውያን ሓይልታት።

## 8. ሸቶታትና

ነዚም ኣቐዲሞም ዝተጠቕሱ ጸገማት ክንገጥሞም ምስነቓሕና ዝወጠንናዮም ሸቶታት ነዚም ዝስዕቡ መሳርዕ ዘጠቓለሉ ኢዮም።

- ንኤርትራ ካብ ዘላቶ *"መዋእለ-ኣደራዕ"* ኣውጺእና ወትሩ ናብ ድሕነት ዜጋታትና ማእከል ዝገበረ መድረኸ ሰላም፡ ርግኣትን ብልጽግናን ምብጻሕን፤ ንዕኡ ድማ ምርግጋጽን ምውሓስን፡
- ህዝባዊ ደሞክራስያዊ መንግስቲ ምትካልን ብመንገዱ ከኣ ምዕሩይ ዕድላት ንዜጋታት እትህብ፡ ማዕርነት እምነታትን ብሄራትን ክብርታትን እተውሕስ፡ ጥንክርትን ስልጥንትን ዜጋታታ ብምኽባር እትሕፈር ሃገር ምስራሕ፡
- ፖለቲካዊ፡ ማሕበራውን፡ ቁጠባውን ፍልስፍና ዝሃነጸ ማሕበራዊ ደሞክራሲ ምጥጣሕን ምውሓስን፡
- ስልጡን ሕብረተ-ሰብ ምህናጽ፡
- ንታሪኾምን፡ ግዚኦምን ህላዌኦምን ብምግንዛብን ብምኽባርን መጻእቲ ወለዶታት ሓርነት ሓድሕዶም ብምእማን፡ ብርእሰ-

ምትእምማን ናይ ገዛእ ርእሶም መጻኢታት ክሰርዑ ዝኽእሉላ ሃገር ምፍጣር።

## 9. ሜላታት

ሽቶታትና ካብ እነተግብረሎም ሜላታት ሓደ፡ ዝወረስናዮም ናይ ምክብባርን ምርድዳእን ባህልታትን ልምድታትን ተጠቒምናን ኣማዕቢልናን ንቕሓት ዜግታትና ብምምጥጣን፡ ኣብ ውልቃዊ ኰነ እኩባዊ ማዕርነትን መሰልን ምጽውዋርን ዝኣምንን ስለኣ ዝዓዱን ዜጋ ምህናጽን ምዕባይን ኢዩ። ሜላታትና ኣብ ዝተፈላለዩ መድረኻትን ዓይነት ብድሆታትን ዝፈላለዩ ክመስሉ እኳ ዝኽእሉ እንተኾኑ ኩሎም ናብ ሽቶታትና ዘምርሑና ኢዮም። ብተወሳኺ፡ ኣካይዳና ንተዛማድነት (relevance) ፖለቲካውያን ሓይልታትን ከምኡ ድማ ነቲ እዋኑ ዝህበና ዕድላትን ኣብ ግምት ዘእተወ ኢዩ።

### 9.1. ኣብ ግዜ ደሞክራሲ፡

ብሕጋውን ደሞክራስያውን ኣገባብ ፖለቲካዊ ስልጣን ብምጭባጥ (ብልፍንቲ እውን ክኸውን ይኽእል)፡ ነቶም ብመትከላትና ዝተሃንጹ ፖለቲካዊ፡ ማሕበራውን፡ ቁጠባውን መርሓ ግብሪታትና ምትእትታውን ኣብ ግብሪ ምውዓሎምን ኢዩ።

### 9.2. ኣብ ዝተረፈ እዋን፡

ንህዝቢ ኤርትራ ካብ ዝወርዶ ውሽጣውን ደጋውን ተጻብኦታት ምክልኻል ናይ ወትሩ ዕላማና ኢዩ። ስነ-ሓሳብ ሜላታትና ወትሩ ኣብ ምክልኻል ህዝብን ሃገርን ዘድሃበ ኢዩ። ኩሉ ንጥፈታትና ዕንትርቲ፡

ጽግውትን መኣዲ ሓጐስን ዝኾነት ሃገር ምህናጽ ክሳብ ዝኾነ ድማ፡ ነቶም ናብ እዚ ንምብጻሕ ዘዐንቅፉ ናይ ምክልኻል ባህሪ ክህልወና ግድን ኢዩ። ጸረ ሰናይ፡ እከይ ጥራይ ኢዩ። ቀዳማይ ዓወትና ከም እቶም ጸላእቲ ዕላማና ዘይምዃን ኢዩ። ስለ እዚ ድማ ኢዩ ባህሪና ተጻያዊ ዘይኮነስ ተኸላኻሊ ዝኾነ። በዚ ምኽንያት ድማ፡

- ሰለማዊ ዝርርብ ኩሉ ግዜን ኣብ ኩሉ ኩነትን ምስ ኩሉ ኣካልን ንኣምን። እዚ መንነትና እውን ስለዝኾነ ኢዩ።
- ብዝተኻእለ መጠንን ብዘድለየን ድማ ኣብ ብኩራት ህዝባዊ መንግስቲ ዝተመጣጠነ ስጉምቲ ንምውሳድ ዘኽእሉ ጐናውያን መሓውራት ምፍጣርን ምህጣርን። እዚ ናይ መንነትና ወይ ናይ ባህርና መለከዒ ኰይኑ ዘይኮነስ ንዝተወሰነን ብዝተወሰነ ዓቕምን እንጥቀመሉ ሜላ ጥራይ ኢዩ። እዚ ክፋል እዚ ከይንጥቀመሉ ንኽእል ኢና፡ ክንጥቀመሉ እውን ኣይንናፍቕን።

_መተሓሳሰቢ፦_ ሰልፍና ፖለቲካዊ ስልጣን/መሪሕነት ምእንፋቱ፡ ስልጣን ንምሓዝ ጥራይ እንጓየ ዘለና ከምስለና ይኽእል ኢዩ። እንተኾነ ይትረፍ ንሕና ሰብ ኣወንታውን ውጹእን ራኢ፡ እቶም ዓመጽትን እከያትን እውን ፖለቲካዊ ስልጣን ንምሓዝ ይጓየዩ ኢዮም። ፖለቲካዊ ስልጣን ነዚኦም ጥራይ ክግደፍ ዝግባእ ሕዝኣቲ ድማ ክኸውን ኣይግብኣን። ከም እቶም ስልጣን ኣይንደልን ኢና ዝብሉ ግን ናይ ለውጢ ባእታታት ክኾኑ ዝደልዩ የወሃት ወይ ግቡዛት ክንከውን እውን ኣይግበኣናን። ነቲ ንነዊሕ እዋንን

ኣብ ብዙሓትን ነውሪ መሲሉ ወይ ኰይኑ ዝጸንሐ፡ ሕጋውን መሰላውን ስልጣን ናይ ምዕታር ድሌት፡ ክንሰብሮ ግዴታና ጌርናዮ ኣለና።

ስልጣን እንደሊ፡ ስልጣን ነቲ እንደልዮ ዕላማ ንምህራም ዝሕግዘና መሳርሒ ምስዝኸውን ጥራይ ኢዩ። ስልጣን እንደሊ፡ ስልጣን ነቲ ኣብ ልብና ዘሎ ጾር ህዝብናን ናይ ህዝብና ባህግን ንኽንበጽሖ ዝሕግዘና መሳልል ምስዝኸውን ጥራይ ኢዩ። ሰልፍና ንሓላፍነታዊ ስልጣን እምበር ንሓላፊ ስልጣንሲ ትጽየኖ እኳ ደኣ። ፖለቲካዊ ራኢ ብዘይ ፖለቲካዊ ስልጣን ኣብ ምሕጸናን ኣብ ወረቐትን ጥራይ ዝነብር ራኢ ኢዩ። ፖለቲካዊ ስልጣን ብዘይ ራኢ *ዕንወት*፡ ፖለቲካዊ ራኢ ብዘይስልጣን ድማ *የዋህነት* ጥራይ ኢዩ።

ብመሰረቱ ግን እቲ ዝለዓለ ኢድ ስልጣን ዘለዎ ህዝቢ ኢዩ። ብወከልቱ ይኹን ብቐጥታ ድማ ስልጣን ባሪኹ ይህብ ወይ ይምንዝዕ። ኲናትን ሰላምን እውን ይህንድስ። ሕድሪ ስልጣን ብህዝቢ ዝተዋህበ ፖለቲካዊ ሓይሊ ድማ ምስ ናይ ህዝቢ ድሌትን፡ ሃገራዊ ረብሓ፡ ሕግን፡ ናይ ሰልፉ መትከላትን ኣወሃሂዱ ትልምታት የውጽእን የተግብርን። ስለ እዚ ድማ ኢና ህዝቢ ንዝመረጾ ፖለቲካዊ ሓይሊ ብዘይ ሰጋእ መጋእ እንቕበል። ንምንጻር ዝኣክል፡ ራኢና ንኽትግበር እምበር ንሕና ግድን ዘየተግበርናዮ ኢልና ድቃስ ስኢንና ንሓድረሉ ኣይኰነን።

## 10. ሕመረት ሃገራውያን ክብርታትና

ትልምና እምበኣር ነዞም ዝስዕቡ *ሕመረት ሃገራውያን ክብርታትና* ንምግባር ኢዩ።

- **ደሞክራሲ፦** ንሓቀኛ መሰረታዊ ጥቕምን ሕመረትን ደሞክራሲ ምእማንን ምስታፍን
- **ስልጣኔ፦** ቀዳሞት፡ ህሉዋትን፡ መጻእትን ስልጣኔታት ብርድኢት ምግንዛብን ምትእንጋድን
- **ስኒት፦** ውልቃዊ፡ ማሕበራውን፡ ሃገራውን ስኒታት ምስናይ
- **ብልጽግና፦** ናይ ብዅለንትናኣ ብርእሳ እትሓድር ሃገር ድንፋዐን ዕቤትን ምእምንን ንምትግባር ምጽዓርን
- ዕንትርና፦ ኣድላይነት ናይ ሃገር ሓይልን ትርንዐን ምእማንን ምውፋይን

ነዞም ሕመረት ሃገራውያን ክብርታትና ንምውሓስ ድማ ነዞም ዝስዕቡ ሕብረተ-ሰባዊ *ክብርታት* ምስልሳል ንኣምን።

- **ውልቃዊ ነጻነትን ሓርነትን፦** ውልቀ-ሰብ ናይ ሃገርን ናይ ብዙሕነትን መሰረታዊ መቚም ብምዃኑ ማእከል እምነት ምግባር
- **ማዕርነት፦** ተፈጥሮን፡ እምነታትን: ሓሳባትን ናይ ኩሎም ውልቀ-ሰባትን እኩባትን ማዕርነት ምእማን
- **ርትዒ፦** ናይን ኣብን ኩሎም ዜጋታትን ጉዳያትን ርትዓውነት ምርግጋጽ
- **ግዝኣተ-ሕጊ፦** ብሕጋውነት ዝተረጋገጸ ግዝኣተ-ሕጊ ብቐዳምነት ምስራዕ፡ ምኽባርን፡ ምውሓስን
- **ዕርክነታዊ ኣቀራርባ፦** ንነፍሰ-ወከፍ ዜጋ እንተወሓደ ዕርክነታዊ ኣቀራርባ ከምንእወዶ ምእማንን ብግብሪ ምምምስካርን

*ዕጥቅን መለለይን ውልቃዊ ክብርታት* ኣባላትናን ዜጋታትናን ድማ ነዘም ዝቕጽሉ የማልእ።

- **ሓርበኝነት፡-** ንሃገር ቀዳምነት እናሃብካ ንሃገርን መንግስትን ምጽብጻብ
- **ሰብኣውነት፡-** ሓደ ፍጡር ሰብ፡ ሰብነቱ ቀዳምነትን መሰረታዊ ትዕድልቱን መሰሉን ምኽኑ ምእማንን ምርግጋጽን
- **ሞያዊ ጻዕራምነትን ተሸላምነትን፡-** ዝኾነ ዜጋ ጻዕራም ክኸውን ብጻዕሩ ክፍደ ከም ዝግበኦ ምእማን
- **እሙንነት ንሃገርን ልኡላውነትን፡-** ንሃገርን ልኡላውነትን ብዘይ ንሕስያ እሙንነት ከም ዝጥለብ ዘይዝንግዕ ዜጋ ምኻን
- **ሓላፍነታውነት፡-** ከይተጸውዕካ ወይ እውን ከይተገደድካ ናይ ሃገርን ህዝብን ሓላፍነት ምስካም
- **ስድራ-ቤታዊ ምትእስሳር፡-** ካብ ውልቀ-ሰብ ቀጺላ ስድራ መሰረት ሃገር ብምኳና፡ ምቋም፡ ምቕጻልን፡ ስጥመትን ስድራቤታት ዘኽብርን ዘውሕስን ምኳን
- **ማዕረ ዜግነትን ማዕረ ዕድልን፡-** ኩሉ ዜጋ ማዕረ፡ ብኡ መጠን ድማ ማዕረ ዕድላት ከም ዝግብኦ ምእማን
- **ስነ-ምግባር፡-** ኩሉ ዜጋ ብስነ-ምግባር ክቕረብን ክህነጽን መሰል ምህላውን፡ ብስነ-ምግባር ክቐርብን ክሃንጽን ግዴታ ምህላዉን

## 11. ኣርማና

ኣርማ ሃገራዊ ሰልፊ፡ ንስሪ ዝማእከሉ ሰማያዊን ጻዕዳን ሕብሪ ዝመለለይኡ ኢዩ። ትርጉም፡

- **ሰማያውን ጻዕዳን**:- ናይ ሰላምን ደረት ኣልቦ ጠልን የመልክት፡
- **ንስሪ**:- ጽንካረን ንውሓትን ናይ ብድሆ መዓልታት ብዘየገድስ፡ ሓይልና እናሓደረ ከምዝሕደስ የርኢ።

በዚ መሰረት ድማ ነጸላ ኣርማና፡ ሰማያዊ ንስሪ ኣብ ጻዕዳ ምድሪ ወይ ድማ ጻዕዳ ንስሪ ኣብ ሰማያዊ ምድሪ ክትስለም ትኽእል።

## 12. ወገንና

ልክዕ ኢዩ ኩልና ናትና እንብሎ፡ ወይ መሰረትና ዝኾነ ናይ ውልቅና ወገን ወይ ወገናት ኣለዉና ኢዮም። ካብ ምብዝሖም ዝተላዕለ ጥራይ ዘይኮነስ ካብ ዓይነት ምፍልላዮም እውን ብእኦም ክንሰምር ከቢድ ኢዩ። እቲ ናይ እቲ ሓደ ወገን ነቲ ናቱ ፍትሒ፡ ማዕርነት፡ ርትዒን ኣፍልጦን ምስ ናይ እቲ ካልእ ወገን ከመዓራርዮ ይጽገም። እዚ ድማ መብዛሕትኡ ግዜ ናብ ጉነጽን ዘይርግኣትን ምትፍናንን ይመርሕ። ስለ እዚ ድማ ኢዩ እቲ ዝቐለለን ዝሓሸን ንሰላምን ርግኣትን ዝቐረበን ሜላ ነቶም ድሕረ-ባይታ ወገናነትና ዘውሕስ መድረኽ ምጽናዕ ኢዩ እንብል።

እዚ ምእንቲ ከኸውን ድማ ሓደ ወገን ምህጣር የድሊ። እዚ ከሃጥር ኣለዎ እንብሎ ወገንነት እዚ ድማ ኢና ናይ ሃገር ወገንነት ወይ ሃገራውነት እንብሎ። እዚ እንተኾይኑ፡ እቶም መሰረታውያን ወገናትና ነዚ ምሩጽ ዓይነት ሃገራዊ ወገንነት ክድርዕዎን ብኡ ክውሕሱ ዝፈጥርዎ ሜላን

እምበር፡ ተጻረርቲ ኣይኮኑን። እቲ ሓደ ከይደርበኻ ነቲ ሓደ ምርካብ እምበር፡ እቲ ድሕረ-ባይታኻ ዝኾነ ወገን ስኢንካ ንሓድሽ ወገን ኢድካ ምሃብ ኣይኮነን እቲ ዕዮና። እንተኾነ ናይ ኩሉ ወገንን ድሕረ-ባይታን ደረጃ ዝስምዖም ውሕስነት ንምምዕርራይን ንምውህሃድን፡ እዚ ወገን ሃገራውነት ጸላዊ ክኸውን ከምዝግብኦ ዘማትእ ኣይኮነን። ብቐንዱ፡ ናይ እቲ ሓደ ወገን ካብ እቲ ናይ ካልእ ሕልፊ የብሉን። እቲ ናይ እቲ ሓደ ወገን ነቲ ናይ ሓደ ከይዕልቕ ምእንቲ፡ ሃገራውነት ከም ተምሳሌት ናይ ሃገርን መንግስትን ኣቃውማ ኢዩ እምበር ብመሰረቱ ሓድሽ ዝተማህዘ ምስ እቲ ህሉው ወገንነት ዘይተሓሓዝ ኣይኮነን። ወገንና፡ ወገን ኩሉ ዜጋ፡ ወገን ህዝቢ፡ ወገን ሃገር፡ ወገን ፍትሒ፡ ወገን ርትዒ ኢዩ። ወገንና፡ ወገን ኣብ ውድድር ወይ ተጻይነት ምስ ደጋውያን ወገናት ዝተመርኮሰ ዘይኮነስ፡ ኣብ ብልጽግና ኤርትራውያን ውልቀ-ሰባትን ማሕበረ-ሰባትን ዝተሰረተ ወገን ኤርትራውነት ኢዩ።

## 13. ስነ-ስርዓት

ቀንዲ መለለዪ ኣባል ሃገራዊ ሰልፊ ምኳን ስነ-ስርዓት ዘለዎ ምኳን ኢዩ። ሓደ ኣባል ሃገራዊ ሰልፊ፡ ኣምበሳደር ሰልፊ ኢዩ። ካብኡ ሓሊፉ እውን ናይ ሃገር። ስለ እዚ ድማ ኢና ስነ-ስርዓት መሰረትን መለለዩን ሃገራዊ ሰልፊ ዝገበርናዮ።

ሓደ ክፋል ናይ ስነ-ስርዓት፡ ኩሉ ግዜን ምስዝኾነን፡ ትሕትናን ስነ-ምግባርን ዝመልኦም ቃላትን ግብርን ምዝውታር ኢዩ። እዚ ባህሊ እዚ ምርዓምና፡ ህዝብና ንምኽባር ጥራይ ዘይኮነስ፡ መንነትና ክኸውን ስለዝግበኦ ኢዩ። መርኣያ ናይ እታ እንደልያ ስርዓት ዘለዋ ሃገር ኣባና ኢዩ ዝጅምር። ስነ-ስርዓት ክንብል ከለና ምስ ኣባላት ሰልፊ ኣብ ዘሎ ርክብ ዘድሃበ ጥራይ ኣይኮነን፡ ምስ መላእ ህዝቢ እምበር። ካብ ስነ-ስርዓት

ዘይብሉ ብልሒ፡ ስነ-ስርዓት ዘለዎ ምጉዳም ይበልጽ። ምኽንያቱ ስነ-ስርዓት ዘለዎ ዜጋ ብሓዊ ሓሊፉ ንኽተብዕን ንኽበልሕን ኣየጸግሞን ኢዩ። ስነ-ስርዓት ካብ ርእሰ-ተኣማንነት ይነቅል። ስነ-ስርዓት ድኻም ዘይኰነስ ብርትዐ ኢዩ። ስሩዕ ኣባል ብርትዕቲ ሰልፊ፡ ስሩዕ ዜጋ ድማ ብርትዕቲ ሃገር ይፈጥሩ።

ስነ-ስርዓት ዓይነታት ኣለዉዎ። *ሰልፋዊ፡ ማሕበራውን፡ ሃገራውን* ስነ-ስርዓታት ኢልና ክንከፋፍሎም ንኽእል። ሰልፋዊ ክንብል እንከለና፡ ነቲ ሰልፊ ዘቐመጦም ስርዓታት ተማእዛዝነት ምህላውን እሙን ምዃንን ኢዩ። ማሕበራዊ ክንብል እንከለና ድማ ነቶም ሕብረተ-ሰብ ዘቐመጦም እሞ ሰልፋዊ ውክልና ተሰሚዕዎ ዘተግብሮም ኢዩ። ሃገራዊ ስነ-ስርዓት ክኸውን እንከሎ ድማ ድምር ናይ ሰልፋውን ማሕበራውን ዘጠቓልል ኢዩ። ብተወሳኺ ድማ ነቲ ህዝቢ ዝተኸሎን ዝመረጾን ሃገራዊ ፖለቲካዊ ስርዓትን መስርሕን ተማእዛዝነት ምህላው ኢዩ። ኣብነት ናይ እዚ፡ ኣብ ግዜ ሕጋዊ ፖለቲካዊ ናይ ስልጣን ውድድር ንስዕረትን ንዓወትን እነርእዮ ናይ ምቕባልን ናይ ምትእንጋድን ባህሪ ኢዩ። ምኽንያቱ፡ ንሕና 'ዓወትና ስዑር የብሉን!'

ኣብ ልዕሊ ውልቀ-ዜጋ ይኹን ማሕበረ-ሰብ፡ ኣብ ልዕሊ ሰልፊ ይኹን ኣብ ልዕሊ ሃገር፡ ስነ-ስርዓት ምጉዳል ብይቕሬታ ምሕታት ክስዕብ ግድን ይኸውን። መግናሕቲን መቕጻዕትን ኣብ ሰልፊ ድማ ክሳብ ኣባልነት ምስራዝ ከማልእ ይኽእል። ክሳብ ንኣባላትን ንሃገርን ኣብ ሓደጋ ዘእቱ ስነ-ስርዓት ምጉዳል ወይ ክሕደት ምስዝፍጸም፡ በቲ ናይ ሰልፊ ናይ ስነ-ስርዓት ኣካል ስጉምቲ ይውሰነሉ። ኣብ ፍትሒ ዘለዋ ሃገር ድማ ነቲ ኣፍራሲ ስርዓት ናብ ሕጊ የቕርቦ።

## 14. ቁጠባዊ፡ ማሕበራውን፡ ፖለቲካውን መርሓ-ግብርታትና

ንህሉው ኩነታት ህዝብናን ናይ መጻኢ ብድሆታቱን መዋጽኦኡን ኣብ ግምት ዘእተወ ኮይኑ፤ ቁጠባዊ፡ ማሕበራውን፡ ፖለቲካውን ዝምባለና ብባህሪኡ ማሕበራዊ ደሞክራሲ ዘርዓመ ኢዩ። እዚ ዝኾነ ድማ ነዞም ዝስዕቡ መሰረታውያን ፖለቲካዊ፡ ማሕበራውን፡ ቁጠባውን እምነታትና ስለ ዝገበርና ኢዩ።

- ኩሉ ዓይነታት ማሕበራዊ፡ ፖለቲካውን ተፈጥሮኣውን መሰላት ንኹሉ ዜጋ ምሕላው፡
- ፖለቲካውን ቁጠባውን ማዕርነት ብምስፍሕፋሕ ጠቕላላ ቤታዊ ፍርያት ብደረጃ ውልቀ-ዜጋ (GDP per-capita) ናብ ዝበለጸ ደረጃኡ ክብ ምባል፡
- ማሕበራዊ ፍትሒ ንምርግጋጽን ነቲ ብብሕታዊ ጽላታት ክሽፈን ዘይከኣለ ንምምላእን ምእንቲ፡ ጥቡቕ መንግስታዊ ቁጠባውን ማሕበራውን ምሕደራ ክህሉ፡
- ንዝደንፍዐ ቁጠባን ደሞክራሲን ዘጣጥሕ ሰብኣውነት ዘለዎ ጥዑይ ማሕበራውነትን ርእሰ-ማላውነትን ዝሓንፈጸ ምጣነ-ሃብታዊ ስርዓት (mixed economic system) ምትካል፡
- ኣብ ነጻ ዕዳጋ ዝተመርኮሰ ቁጠባ ብምህናጽ፡ ማዕረ-ማዕረኡ፡ ናይ ዕዳጋ ምኽየና (mechanism) ስርዓተ-ነጻነተ-ዋጋ ንምምሕያሽን ንምፍጻምን ነቶም ምዝመዛ፡ ኣጓናዪ ሾቕሊን (alienated labour)፡ ብሕታውያን ዋኒንን ከኸትልዎ ዝኽእሉ ጉድኣታት ምክልኻል፡

- ሰፊሕ ግላውን ህዝባውን ወፍርታት ኣብ ምህዞ ምውዓል፡
- ኣታዊ ዘይብሉን ክሰርሕ ዘይክእልን ጽላልን ዕንጋሎን ከይሕረሞ ምድጋፍ፡
- *ሓንቲ ትንፋስ ብሰንኪ ስእነት ተጨኒቓ ከይትሓድር* ብዝብል ጭርሖ፡ ኩለንትናዊ ድኽነት ሓንሳብን ንሓዋሩን ካብ ሱሩ ምንቃል፡
- ዘይንቀልን ዘይጐደሎን፡ ብነጻ ወይ ብኣዝዩ ዝሓሰረ፡ መሰል ንኣገልጉሎት ትምህርትን (ልዑል ደረጃ እውን) ጥዕናን ምርግጋጽ፡
- ንሰራሕተኛታት በብኣገልጉሎቶም ካሕሳ ምውሓስ፡
- ንኹሎም ዘለዉና ባህርያውን፡ ጂኦግራፊያውን፡ ዓቕሚ ሰብን ተጠቒምካ ሓያልን ውሑስን ቁጠባ ዘለዋ ሃገር ምስራሕ፡
- ናብ ውሽጢ ሃገር ንዝመጽእ መተካእታ ዝኸውን ዝተመጠነ ኣብ ርእሰ-ምኽኣል ዝተሰረተ ቁጠባዊ መርሓ ግብርታትት ምትእትታው፡
- ኣብ ኣገልጉሎት (service) ዘድሃበ ቁጠባ ምድንፋዕ፡
- ብተሎ ናይ ሳይበር ቁጠባ ምድንፋዕ።

ብስፍሕ ዝበለ ከመይ ዝኣመሰለ ቁጠባዊ፡ ማሕበራውን፡ ፖለቲካውን እምነታት ከም ዘለና ንምፍላጥ ነዚ ዝስዕብ ክፋል ናይ ፖለቲካዊ መደብ-ዕዮና ምውካስ የድሊ።

***<u>ሓበሬታ፡</u>***

*እዚ ሰነድ እዚ ንድሮ ዝተተግበሩ፡ ዝተጕስዩ፡ ወይ ኣብ ዕዮ ዘለዉ ቁጠባውያን፡ ማሕበራውያን፡ ወይ ፖለቲካውያን ውጥናት ብዝርዝር ወይ*

*ነጻጺሉ ኣየቐምጥን። እንተኾነ ሰልፍና ነቶም ኣቕዲሞም ዝተዓዩ ብደቂቕ ብምጽናዕን ምስ እቶም ሓደስቲ ውጥናትና ብምዝማድን ከከም ኣድላይነቶም ምድንፋዖም፡ ምውንዛፎም ወይ ድማ ምውጋዶም ክመርጽ ይኽእል። ሰልፍና ንነፍሲ ወከፍ መዳይ በብጽላቱ (በብዓውዱ) ናይ መርሓ ግብርታት ሰነድ ኣብ ምድላው ይርከብ።*

## 14.1. <u>ቁጠባዊ</u>

ንኹሎም ቁጠባዊ ውጥናትና ተግባራውያን ንምግባር ንንግዲ፡ ወፍሪ፡ ዕደና፡ ኣገልጉሎታትን፡ ዝምድና ሰራሕተኛታትን ኣስራሕትን፡ ደሞዝ፡ ድሕነትን ውሕስነትን ሰራሕተኛታትን ሰብ ዋኒንን፡ ጸጥታዊ ውሕስነትን፡ ሰደድን ኣታውን፡ መሬትን ኣባይትን፡ ቱሪዝም፡ ሳይበር፡ ባንክታት፡ ኩሎም ዓይነታት ድሕነትን (insurance) ካልኦት ተዛመድቲ ጽላታትን ዝኸውን ሕግታትን ኣዋጃትን ምትእትታው ብቐዳምነት ክስርሓሉ ይግባእ። ንቕልጡፍን ወሓዚ ቁጠባዊ ዕብየትን ድማ ሰፊሕን ብቕዓቱ ዝተሓለወን ትሕተ-ቕርጺ ብዕትበት ክንሃንጽ ይግባእ። ግሉጽነትን ተሓታትነትን ማእከል ዝገበረ መርሓ-ግብርታትና ወይ ሰልፋዊ መትከላትና ድማ ተራ ክጻወቱ ጻዕርና ኢዩ።

### 14.1.1. *ተፈጥሮኣዊ ጸጋታት*

ኤርትራ ሃገርና፡ ኣብ ርእሲ ዓቕሚ ሰባ ካልኦት ተፈጥሮኣዊ ጸጋታት (ከም እኒ ወርቂ፡ ፖታሽ፡ ዚንጐ፡ ነሓሲ፡ ጨው፡ ዓሳ፡ ምናልባት እውን ነዳድን ጋዝን) ከምዝርከብዋ ይንገር። ጥቁዋት መርሓ-ግብርታት ብምስናይ ተፈጥሮኣዊ ጸጋታት ኤርትራ ንርእሳ ኣኺሎም ንናይ ደገ ዕዳጋ ክውዕል ዘኽእል ምዃኑ ጽኑዕ ኢዩ። መደብና እምበኣር፡

- ንኣከባብያዊ ጥዕናን ብከላን ኣብ ግምት ዘእተወ ዕደና ምስፋሕ፡
- ማዕድናትና ኣብ ሃገርና ክጻረዩን ክምስርሑን፡
- እንተወሓደ *'ሓደ ዓሳ (ናይ ባሕሪ ፍርያት ዝኾነ መኣዲ) ንሓደ መዓልቲ ንነፍሲ ወከፍ ሰድራ'* ብቐረብ ምብጻሕ፡
- ቀረብ ውሽጢ ሃገር ብምምላእ ንሰደድ ምቕራብ፡
- ካልኦት ኣብ ዕዳጋታት ዓለም ተደለይቲ ዝኾኑ ተፈጥሮኣውያን ጸጋታት ምንዳይ።

## 14.1.2. ሕርሻ

ብመሰረት መጽናዕትታት ዝገበሩ ኣካላት ሃገርና እቲ ክሕረስ ዝኽእል 75.1% ክኸውን እንከሎ፡ ጫካታት ድማ 15.1% ንኻልእ መዓላ ክውዕል ዝኽእል ድማ 9.8% ይርከባ። ኣብ ሃገርና ዝፈርዩ ፍርያት ድማ መሽላ፡ ኣሕምልቲ፡ ጡጥ፡ ትንባኾ፡ ጥሪት፡ ዒቃን ዓሳን የጠቓልሉ።

ንሃገርና ከጋጥምዋ ዝኽእሉ ግሙታት ሓደጋታት ድማ ደርቂ፡ ሳሕቲ ምንቅጥቃጥ መሬትን ኣንበጣን የጠቓልሉ። ህሉዋት ኣከባብያዊ ጉዳያት እውን ከም እኒ ምብዳም መሬት፡ ምቁራጽ/ምጉዳል ኣግራብ፡ ብሕጒጓ መሬትን ብዘሕ መግሃጫን የማልኡ።

መደብና እምበኣር፡-

- ዝያዳ ኣብ ኤርትራ ክፈርዩ ዝምችኦምን ምንጪ ኣታዊ ወጻኢ ሸርፊ ክኾኑ ዝኽእሉ ኣእካልን ኣዝርእትን ምብርካትን፡ ኣድላዪ እንተኾይኑ ድማ ካብ ደገ ምትእትታውን፡

- ሰፊሕ ዘመተ ምግራብን ምዕቃብን፡
- ንዘንጸላልዉ ሓደጋታት ንምክልኻል ኰነ ንምቁጽጻር ውጽኢት ስነ-ፍልጠትን ቴክኖሎጅን ምትእትታው፡
- ተፈጥሮኣውያን (ዘይተመስርሑ) ፍርያት ሕርሻ ምትብባዕን ምስፍሕፋሕን፡
- መስኖኣዊ ሕርሻ ምስፍሕፋሕ።

## 14.1.3. ኢንዳስትሪ

ህሉዋትን ታሪኻውያን ኢንዳስትሪታትና ከም እኒ ፋብሪካታት፡ ምዕሻግ መግቢ፡ መስተ፡ ክዳንን ዓለባን፡ ጨው፡ ስሚንቶ፡ ቅልል ዝበሉ ፋብሪካታትን ኢዮም። ክንዲ እቲ ዝድለ ከምዘይዓበያን የበርክታን ስለዘየለዋ፡ ይትረፍ ኣብ ቁጠባ ሃገር ዝግብአን እጃም ከበርክታ፡ ንባዕለን ከም ኢንዳስትሪታት ክሰራ ዝተጸገማ ኢየን።

ትልምና እምበኣር፡

- ዘይተኣፈፍቲ ፋብሪካታትና ናይ ግሊ ትካላት ምግባረን፡
- ንኣሽቱ ኣብያተ-ዕዮታት ምድንፋዕ፡
- ሰንዓ ምትብባዕን ምዝምናውን፡
- ብቕዓት ፍርያትን ድሕነት ሰራሕተኛታትን ከባቢን ዝሓለዋ ክኾና፡
- ንዜጋታት ቀዳምነት ዕድል ዝህብ ኢንዱስትሪያዊ ወፍርታት ምትብባዕ።

### 14.1.4. ፋይናንስ

ብመሰረት ዓለምለኻዊ መጽናዕትታት እንተወሓደ እቲ 50% ህዝቢ ኤርትራ ትሕቲ ድኽነት ኢዩ ዝርከብ። ካብ እዚ ድኽነት እዚ ንሓዋሩ ንምልቓቕ ድማ ዘዳለናዮም ሜላታት ኣለዉና።

- ንዜጋታት ቀዳምነት ዝሃበ ገንዘባዊ ወፍርታት ምትእትታው፡
- ብፍላይ ድማ ኣብ ደገ ዝርከቡ ዜጋታት ኣብ እቶት ምልውዋጥ ናይ ወጻኢ ሸርፊ ዓቢ ግደ ክጻወቱ ዘተኣማምን መድረኽ ምጥጣሕ፡
- ብብርኪ ዝተመስረታ ግላውያን ናይ ልምዓትን ህንጻትን ማሕበራት ክቔማ ምትብባዕ፡
- ርትዓውያን ልቓሕ ዝህባ ናይ ግሊ ባንክታት ንኽፍጠራ ምትብባዕ፡
- ብሰንኪ ብዝቐደመ መንግስቲ/ታት ዝተወስደ ልቓሕ ዘለና ዝተዋህለለ ሃገራዊ ዕዳ ንምስራዝ ምህርኻት፡
- ጽጹይ መጽናዕቲ ብምውሳድ ካብ ኣህጉራውያን ኣለቃሕቲ ትካላት ንድሕነትን ዋንነት ቁጠባናን ኣብ ሓደጋ ብዘየእቱ ምልቃሕ፡
- ብስም ኤርትራን ህዝባን ንዝተደለበ ሃብቲ ውልቀ-ሰባትን እኩባትን ኣምሊስካ ንብረት ሃገር ምግባር፡
- ናይ ስራሕ ዕድላት ምፍጣርን፡ ደረጃ ክፍሊት ሰራሕተኛታት ብመጠን ክብሪ መነባብሮ ምትዕርራይ፡
- ሞያዊ ስልጠናታት ምሃብ፡

- ምስ ናይ ዜጋታት ኣውፈርቲ ዘይሻሞ ናይ ደገ ኣውፈርቲ ምስታፍ።

### 14.1.5. ንግዲ

ኤርትራ ወርቅን ማዕድናትን፡ ጥሪት፡ መሸላ፡ ዓለባ፡ መግቢ፡ ስርሓት ንኣሽቱ ፋብሪካታት ንሰደድ ክትልእኽን ማሸናት፡ ነዳዲ፡ መግቢ፡ ስርሓት ፋብሪካታት ከኣ ከተምጽእን ጸኒሓ ኣላ።

መትከላትና፡

- ነጻ ዕዳጋ፡ ብውሱን ግን ከኣ ብርጡብ ሕጋገ፡ ምትእትታው፡
- ንሰደድ ዝኸውን ኣብ ዓቕሚ ሰብ ዝማእከሉ ፍርያት ቴክኖሎጂን ኣገልግሎታትን ምትእትታው፡
- ነተን ንብረት እነምጽኣለን ሃገራት ድማ ርትዓዊ ዝኾነ ናይ ሃገርና ፍርያት ክዕድጋ ምግባር፡
- ጐረባብቲ ከፊለን ዝጥቀማሉ ወደባት ምሕዛእ፡
- ንግዲ ኤርትራ ንምዕባይ ድማ ትሕተ-ቕርጽታት ባሕሪ፡ ኣየር፡ ምድርን፡ መራኸቢታትን ምህናጽን ምስፍሕፋሕን፡
- ኤርትራ መሰጋገሪት ድንድል ማእከላይ ምብራቕን ሰሜናዊ ምብራቕ ኣፍሪቃን ምግባራ።

### 14.1.6. ወተሃደራዊ

ናይ ኤርትራ ወተሃደር ብሓለፋ ንህዝብን ልዑላውነት ኤርትራ ብመሬሕ ተራ ዝከላኸል ዋልታ ሃገር ኢዩ። በዚ መሰረት ንኹሎም ቁጠባዊ መደባት

ንምርግጋጽ ግዜ፡ ኲነታትን፡ ሸነኽን ብዘየገድስ፡ ይዕበ ይንኣስ ዋጋ ዝኸፈሉ ዜጋታት ድማ ሕሉፍ ክብሪ ኣለና።

እዚ ኣብ ቦታኡ እንከሎ ድማ፡ ንነቲ ብዝተፈላለየን ኣብ ዝተፈላለየን መድረኻት ዝተደለበ ወተሃደራዊ ተመኲሮና ናብ ምንጪ ቁጠባ ምልዋጥ ኣውራ ዕዮና ይኸውን። ነቲ ኣብ ዝተፈላለየ ግዜ ዝሰልጠነን፡ ዝተጠርየ ወተሃደራዊ ተመኲሮታትን ከም ወተሃደራዊ ጸጋታት ምጥቃም ንግደስ (እዚ ነቶም ጸረ-ሰብኣውነት ገበን ዝፈጸሙ ኣየካትትን)። ጥዑይ ሕጊ ብዘይ ሓያል ወተሃደር ክውሕስ ስለዘይክእል፡ ንህሉው ሰራዊት ብምምእዛን ራህዋ፡ ውሕስነት፡ ሃብትን፡ ዕንትርናን ህዝብን ሃገርን ዝፈሪ ጠቓሚ ሓይሊ ንምግባሩ ንሰርሕ። መደብና እምበኣር፡

- ዝተወሰነ ግን እኹል ቁጽሪ ዘለዎ ኣውሓሲ ዘመናዊ ወተሃደራዊ ዓቕሚ ምድላብን ኣብ ኲሉ መዳያት ልምዓት ሃገር ምስታፉን፡
- ሰራዊት ኤርትራ ዓቃቢ-ሰላም ብምዃን ኣርኣያ ምግባሩን ብኡ ኣቢልካ ቁጠባዊ እቶት ምኽዕባትን፡
- ናይ ካልኦት ሃገራት ሰራዊት ብምስልጣን እቶት ሃገር ክብ ምባል፡
- ወተሃደራዊ ክዳንን ወተሃደራውያን ንዋታትን መሳለጥያታትን ምፍራይ፡
- ማእከል ምርምር ጸጥታን ምክልኻልን ብምፍጣር ከኣ ናይ ምህዞን ስነፍልጠትን ቴክኖሎጂን ብምትእትታው ንሰደድ ምዕያይ፡
- ኤርትራ ብቴክኖሎጂን ቁጠባን ዘውሕሳ ናይ ሳይበር ሰራዊት ይህልዋ፡

- ፖለቲካዊ መሳርያም ወይ ወለዶኦም ብዘየገድስ፣ ኣብ ወሰንቲ ወተሃደራዊ ታሪኻትና (ስትራተጂያዊን ታክቲካውን) ከምኡ እውን ናይ እቶም ዓውደ-ኩናት ዝመርሑ ዓሚቐ መጽናዕቲ ምክያድን ኣቓልቦ ከምዝረኽቡ ምግባር፣
- ኣብ ወተሃደራዊ ምውርራስ ክፍተት ከይፍጠር ምህርኳት።

### 14.1.7. ማይ

ማይ ካብ እቲ ውሑድን ብዙሕን ዘለና ጸጋታት ሓደ ኢዩ። ነቲ ውሑድ ናይ ዝናም፣ ቀላያትን ወሓይዝን ንምትካእን ንምምእኳትን ነቲ ብዙሕ ናይ ባሕሪ ማይን ንምጥቃም ድማ መደብ ኣለና።

- ምጽጋንን ምህናጽ ሓደስቲ ንኣሽቱን ዓበይትን ዲጋታት፣
- ኩሉ ዜጋ ንዝስተ ጽሩይ ማይ ክበጽሖ ምግባር፣
- ንመራኸቢታት፣ ንመጓዓዝያ፣ ንንግዲን ንቱሪዝምን ዝኸውን ሰብ ዝሰርሖ ካብ ባሕሪ ብመሬት ኣቢሉ ናብ ባሕሪ ዝፈስስ መትረብ፣ ወይ ብዲጋታትን ህሉዋት ወሓዝትን ብምትእስሳር ክስራሕ፣
- ምምጽራይ ማይ ባሕሪ ናብ ዝስተን ንሕርሻን ዝኸውንን ማይ ምስፍሕፋሕ፣
- ናብ ዶባት ኤርትራ ዝርከባ ናይ ኢትዮጵያ ምምሕዳራውያን ቀጽርታት (ክልታት) ካብ ባሕሪ ዝምንጩ መትረባት ምህናጽ፣
- ምስ ኣብ ከባቢና ይኹን ኣብ ስግር ባሕሪ ዘለዋ ሃገራትን ምስ ግብራውነትን ብምስምማዕ ቀይሕ-ባሕሪ ዝስንጥቕ ድንድል ወይ ናይ ትሕቲ ባሕሪ ገለርያ ምህናጽ

## 14.1.8. ጸዓት

ኣድላይነት ጸዓት መሰረታውን ኣብ መስርሕ ህንጸትን ልምዓትን ድማ ኣውራን ኢዩ። ንዓለማዊ ዋዒ በቲ ሓደ፡ ንዕቤትን ምቹእ መነባብሮ ዜጋታትና በቲ ካልእ ሸነኽ ብምዝናቕ ዝሰራዕናዮ ትልሚ ነዚ ይመስል።

- ኤለክትሪክ ናብ ኩሉ ንኽባጻሕ መስመራት ምስፍሕፋሕ፡
- ጸሓያዊ ጸዓት እጃም ነፍሲ ወከፍ መንበሪ ኣባይቲ ምግባር (እዚ ብምትብባዕ፡ ብድጐማ፡ ብልቓሕ ወይ ድማ ብውህብቶ ክረጋገጽ ይኽእል)፡
- ማይ ባሕሪ፡ ሰብ ዝሰርሖ መንጫዕጫዕታ ሃይድሮ ኤለክትሪክ ብምህናጽ ይኹን ብሓድሽ ስነ-ፍልጠታዊ ሜላታት ተጠቒምካ ኤለክትሪክ ምምንጫው፡
- ምንጭን መስመር ኤለክትሪክን ምድንፋዕን ንሃገር ምሉእ ክባጻሕ ምግባርን፡
- ንቕልጡፍን ውሑስን ቁጠባዊ ትንሳኤን ኣብ ዝተወሰነ ዓመታት ኣሽሓት ሜጋዋትስ ምምንጫው፡
- ንጽግዕተኝነት ብዘየቃልዕ መንገዲ ካብ ጐደቦታት ሃገራት ዝሓሰረን ዝወሓሰን ጸዓት ምንዳይ።

## 14.1.9. ስፖርታዊ ወፍሪ

ሃገርና ከባብያዊ ጽልዋ ዘለዎ ናይ ስፖርት ባህልን ተመኩሮን ዘለዋ ኢያ። ካብኡ ሓሊፉ እውን ኣህጉራውን ዓለማዊ ዓወታት ዝተጓናጸፉ ዜጋታት ዘልዉዋ እያ። ስለ እዚ ድማ ነዚ ተመኩሮ ብምሓዝ መሪሕ ቦትኣ ምጽዋት ይግባእ። ኤርትራ ንዜጋታታ ጥዕና እናዓንገለት ብኡ ኣቢላ ድማ ንስፖርት

ምንጪ ቁጠባን ጽልዋን ክትገብሮ ኢዩ ትልምና። ነዚ ድማ በዞም ዝስዕቡ ክነተግብሮ ይግባእ።

- ንፍሉይ ተውህቦ ዘለዎም ስፖርተኛታት ማህደረ-ትምህርቲ ምድላው፣
- ጋንታታት ስፖርት ንኽዓብያ ምትብባዕን ብመልክዕ ብርካዊ ትካላት ብቁጠባ ክትርንዓ ምግባር፣
- ሓደ ስፖርታውያን ዝህነጽሉን ዝምዕብሉሉን ከተማ ወይ ክፍለ-ከተማ ምፍጣር፣
- ደሞዝ ኣብ ሃገራውያን ጋንታታት ዝሳተፉ ስፖርተኛታትናን ኣሰልጠንትናን ብዝተኻእለ ምምሕያሽ፣
- ስፖርተኛታትና ንሃገር ወኪሎም ክወዳደሩን ምስ ባዕዳውያን ዓበይቲ ጋንታታት ብሞያዊ ደረጃ ንኽጽንበሩን ዘኽእሎም መሳለጥያታት ምድላውን ምትብባዕን፣
- ዓቢ ኣበርክቶ ወይ ዓወት ንዘመዝገቡ ዜጋታት ሃገራዊ ኣፍልጦን መዓርግ ስምን ምጥማቕ፣
- ማእከላት ምህናጽ ኣካላትን ጥዕናን ምትብባዕ።

## 14.1.10. ስነ-ጥበባዊ ወፍሪ

ኣብ ስነ-ጥበብ ጽቡቕ ኣበጋግሳ ዝሓዘት ሃገር ኢያ ዘላትና። እዚ ዓውዲ እዚ እውን ጽልዋ ከባቢ ኣጥርዩ ዝጸንሐ ኢዩ። ስለ እዚ ነዚ ዓቕሚ እዚ ናብ ቁጠባዊ ምንጭን ጽልዋን ንምዕባይን ንምልኣኽን ኢዩ ትልምና። ነዚ ንምትግባር ድማ መደባትና ነዚኦም ይመስሉ።

- ስነ-ጥበባዊ ፍርያት ንኽስስንን ኽበልጽን ስነ-ጥበበኛታት ድማ እቶቶምን ሞያኦምን ምእንቲ ክኽዕብት ናይ ነጻነትን ውድድርን መድረኽ ምስልሳልን ኣውፈርቲ ምትብባዕን፡
- ሓደ ንፍርያት ስነ-ጥበብ ዘዕቢ ከተማ ወይ ክፍለ-ከተማ ምፍጣር፡
- ስነ-ጥበበኛታት መሰረታውያን ክብርታት ህዝቢ፡ ታሪኽን፡ ሃገርን ክዕቅቡን ንልምዓት ሰላምን ሃገር ዝሕግዙ ፍርያት ንኽፍርዩ ምትብባዕ
- ፍሉይ ስነ-ጥበባዊ ኣበርክቶ ወይ ዓወታት ንዘመዝገቡ ዜጋታት ሃገራዊ ኣፍልጦን መዓርግ ስምን ምጥማቕ፡
- ናይ ስነ-ጥበባዊ ፍርያት መሰል ዋንነት ፍሉይ ሕጊ ምትእትታው፡
- ኣባልነቶም ባዕሎም ዝሓጽዩሉን ባዕሎም ዘፍቅዱሉን ነጻ ማሕበራት ንኸቑሙ መድረኽ ምፍጣር።

## 14.1.11. ስነ-ፍልጠት፡ ምርምርን ዳህሳስን

እዚ ንኣፍሪቃውን ንቀይሕ-ባሕራውን ስልጣነታት ዘጠቓልል ኲይኑ፡ ንይዕበ ይንኣስ ንምስ ኲሉ ሕብረተ-ሰባት ኤርትራ ዝተኣሳሰሩ ታሪኽ፡ ቋንቋ፡ ባህሊ፡ ቁጽርን፡ ስልጣነን ምርምር ብምኽያድን ጸብጻባት ብምዝርጋሕን ዝዓዪ ኢዩ። ንትሕዝቶ ተረኽቦታት ከም ሃገር ክንኲርዓሉ፡ ክንግስግሰሉ ወይ ክንመሃረሉ እምበር ጸጋ ሃገር ከም መፈላለዪ ዘይስርሓሉ ኣካል ኢዩ። ቀንዲ ዕላምኡ ድማ፡

- ንኤርትራ ናይ ስልጣነ፡ ስነ-ፍልጠት፡ ምርምርን ዳህሳስን ማእከል ምግባራ፡

- ስነ-ፍልጠታውን ምርምራውን ፍርያት ናብ ቁጠባዊ ምንጪ ምቕያር፡
- ኣእምሮ ሃገር ብምዃን፡ ንመንግስቲ ይኹን ንካልኦት ሃገራውያን ትካላት ብኹሎም መዳያት፡ ንቁጠባ ወሲኽካ፡ ምምኻር።

### 14.1.12. ቱሪዝም

ራኢና ኣብ ርእሲ እቲ ቅሙጥን ህሉውን ናይ ቱሪዝም ሃብቲ ብጽዑቕ ምውፋር ኢዩ።

ትልምና እምበኣር፡

- ኤርትራ *'ናይ ሐጽኖት ሃገር'* ምግባራ፡
- ንደሴታት ዳህላክ ዓለምለኻዊ ናይ ቱሪዝም መስሕብ ምግባረን፡
- እንስሳታት ዘገዳም፡ ብምዕቃብን ምርባሕን፡ ዝርከብዎም ሃገራውያን ፓርክታት ምምእኳት፡
- ናይ ታሪኻዊ፡ ሞያውን፡ ባህላውን ኣበርክቶ ዝገበሩ ውልቀ-ሰባት ኣበየ ቦታኡ ኣብያተ-መዘክራት ምህናጽ፡
- ታሪኻውያንን ባህላውያንን ቅርስታትን ተረኽቦታትን ብምዕቃብ መስሕብ ቱሪዝም ምዕባይ።

## 14.1.13. መሬትን ኣባይትን

ታሪኽ ኣጠቓቕማ፡ ኣተዓዳድላን፡ ኣዋንናን መሬት ብመሰረት ኩሉ ከባቢታት ዝተፈላለየ ብምንባሩ ጉዳይ መሬት ሃገርና ሃንደራእ ኢልካ ክውሰን የጸግም። ናይ ገዛእቲ ይኹን ናይ ውሽጢ ስርዓታት ዝተኸተሉ በብግዚኡም ዝጸንሑ ኣገባባት ኣተሓሕዛ ዋንነት መሬትን ኣባይትን ኢዮም ዘለዉና።

ቁጠባዊ ዕብየት ንምርግጋጽ ኣብ ጉዳይ መሬትን ኣባይትን ዘለና መትከላት እምበኣር፡

- መሬት ንሓራሲኡ ብዝብል መርገጽ ናይ ሕርሻ መሬት ዴሳ ይሰላሰል፡
- ድሕሪ ጽጹይ መጽናዕቲ ምስ ደገፍ ሕጋዊ መሰርሕ፡ ኩሉ ካብ ህዝቢ ዝተሃገረ መሬት ናብ ሓቀኛታት ዋናታቱ ይምለስ፡
- ሓቀኛን ቀዋሚን ቅዋማዊ ዋኒን ኩሉ መሬት፡ ባሕሪ፡ መንጸፍ ባሕርን፡ ክሊ ኣየራቱን ናይ ሃገር ይኸውን፤ መንግስቲ ድማ የመሓድር፡
- ሃገራዊ ንብረት እናኾነ እንከሎ ድማ፡ ነቲ መሬት እትውንንን እተመሓድርን ድማ ነፍሲ ወከፍ ዓዲ ወይ ከተማ ትኸውን፡
- መንግስቲ ነቲ ኣብ ውልቀን ናይ ዓዲ/ከተማ ዋንነት ዘየሎ ንብረት ሃገር የካይድ። እዚኦም ነቶም ኣብ ክንዲ ህዝቢ ብመንግስቲ ዝካየዱ ከም ሃገራዊ ፓርክታት፡ ወደባት፡ መዓርፎ ነፈርቲን፡ ሰብ ኣልቦ ደሴታትን፡ ባሕርን መንጽፍ ባሕርን፡ መንግስታውያን ህንጻታት ዝቖሙሉም ቦታታትን ዝኣመሰሉ መሬታት ከጠቓልል ይኽእል፡

- ሓደ ዜጋ ሓንሳብ ዝወነኖ መሬትን ገዛን ክሸይጥ፡ ክልውጥን ክውርስን ክኽእል፡
- ንመሬት ዝምልከት ኣብ መንጎ ውልቀ-ሰባትን መንጎ ዓድታት/ከተማታትን ወይ ኣብ ሓድሕዶም ምስ ዘጋጥም ጉዳዩ ብቤት ፍርዲ ይፍታሕ። እዚ ነቲ መንግስቲ ዘመሓድሮ ናይ ሃገር መሬት ወኪሉ ምስ ውልቀ-ሰባትን ዓድታት/ከተማታትን ዝህሉ ምውጣጥ የጠቓልል።
- ካብ መሕደሪ ኣልቦነት ንምውጻእን ክብሪ ክራይ ገዛ ንምርግጋእን ብርክት ዝበሉ ኣባይቲ ምስራሕ፡
- ንገጠራት ኣዘምኒኻ ኩሉ ናይ ከተማ ኣገልጉሎት እናረኸባ ብዝዓዘዘ ምንጪ ሃገራዊ ናብዮት ኲይነን ክቕጽላ፡
- ንህድሞን ኣጓዱን መረብዓትን ብዝቐለለን ዝሓሰረን ንምንባሩ ዝመቾኣን ትልምታት ቅድታት ምትእትታው።

### 14.1.14. ሳይበር

ዓለም ኣብ ስነ-ፍልጠታዊ ልበ-ወለድ ዝመስል ጋህዲ ኣብ እትሕንበበሉ ዘላ እዋን፡ ብስልጣነን ብሓይልን ድሕሪት ከይንተርፍ፡ ስጉምናን ትንፋስናን ምስ ቅልጣፈኣ ከነመዓራሪ ይግባእ።

ስለ እዚ ድማ ዕማምና፡

- ንማሕበራዊ መራኸቢታት ናይ ንግድን ስራሕን ማእከል ምግባር፡
- ዝውውር ጥረ ገንዘብ ብኤለክትሮኒካዊ ክትካእ ምስራሕ፡
- ኤርትራ ናይ ሳይበር ዓርሞሸሽ ንምኳን ምብቃዕ፡

- ሓደ ንሳይበር ዘደንፍዕ ከተማ ወይ ክፍለ-ከተማ ምፍጠር፡
- ዜጋታት ካብ ሳይበራዊ መጥቃዕትን ምትላልን ምኽላል፡
- ንህጻናትን ጭልቀኣዕ መንእሰያትን ኣብ ሳይበር ዘሕልፍዎ ግዜ ምውሳን፡
- ቤት ትምህርታት፡ ኣብያተ-ንባብን፡ ናይ መጽናዕቲ ማእከላትን ነጻ ኣገልግሎት ኢንተርነት ክረኽባ፡
- ምስ ተኻእለ ድማ፡ ኩሉ ዜጋ ሃገር እትህቦ ዝተወሰነ ናይ ኢንተርነት መቑነን ምርግጋጽ ኢዩ።

## 14.2. ማሕበራዊ

ማሕበራዊ ውጥናትና ብዘይ ተሳትፎ ዜጋታት ክዓቢ ኣይኽእልን። ስለ እዚ ድማ ኩሉ ዜጋ፡ ብፍላይ ሰብ-ጸጋ፡ ኣብ ትምህርትን ጥዕናን ብሞያ፡ ብንዋት፡ ብጉልበት ብወለናትውነት ይኹን ብርትዓዊ ደሞዝ፡ ካብኡ ሓሊፉ ድማ ብወፈያ ህንጻታት ምህናጽን መሳርሒታት ምውፋይን ንኸበርክቱ ክተባብዑን መንገዲ ክጽረገሎምን ይግባእ። ብተመሳሳሊ ድማ ንስድራ ስዉኣት፡ ንስንኩላን ኲናትን ተፈጥሮን፡ ንዘኽታማትን፡ ንበተኻትን ምንባይን፤ ከምኡ ድማ ኣብ ወለንታዊ ምምላስ ስደተኛታት ተራኦም ንኽጻወቱ ባይታ ክጣጣሕ ይግባእ። ብተወሳኺ ክሳብ ዋኒን ሃገር ዝኾነን ብሃገር ዝተመሓደረን፡ ንመዘከርታ ውልቀ-ሰብ፡ ስድራቤት ወይ እውን ዓዲ ከም ቤት-ትምህርታት፡ ሕክምና፡ መናበዪ ማእከላት ይኹን ባህላዊ ማእከላት ዝኣመሰላ ትካላት ክሃንጹን ንቐጻልነተን ብዝተፈላለየ መዳይ ወፈያኦም ክቕጽሉ ንዝደልዩ ዜጋታት ኣፍደገ ክርሖ ይግባእ። ኣብ ኩሎም ኣበርክቶታትን ወፈያታትን ድማ ግሉጽነትን ተሓታትነትን ክህሉ ንኣምን።

### 14.2.1. ባህልን ትምህርትን

ዝተወደበ ትምህርቲ ንባዕሉ ባህሊ ህዝብና ክኸውን ኢዩ መደብና። ህዝብና ባህሊ ትምህርቲ ስለዘይብሉ ኣይኮነን፡ እንታይ ደኣ እቲ ምህሮ ዝተወደበ ብዘይምኳኑ ክሽራረፍን ክይተባጽሐ ክተርፍን ስለዝጸንሐ ኢዩ። ባህልን ትምህርትን ተተሓሒዞ ዝኸይድ ኢዩ። ባህሊ ብትምህርቲ ኢዩ ዝምዕብል፡ ዝዕቀብ፡ ዝስነድን፡ ዝወራረስን። ትምህርቲ ድማ ብባህሊ ክጽሎ ይኽእል ኢዩ። ኣብ እዚ ጉዳይ እዚ ንጹር መትከል ኣለና።

- ዝኾነ ዜጋ ትምህርቲ ብነጻ ወይ ብስማዊ ክፍሊት ክመሃር መሰል ይህልዎ፡
- ማሕበራውን ፖለቲካውን፡ መሰላትን ክብርታትን ናይ ሓደ ዜጋ ካብ መባእታ ደረጃ ከምዝቐስሙ ምግባር፡
- መሃይምነት ካብ ሱር መሰረቱ ምምሓው፡
- ኩሉ ዜጋ ንትምህርቲ ክፉት ዕድል ክህልዎ። ኩለን ኣብያተ-ትምህርቲ ንኹሉ ዜጋ ብዘይ ኣፈላላይ ክቕበላ፡
- ኣካዳምያዊ ትምህርቲ ናይ ኩሉ ማሕበረ-ሰብ ኤርትራዊ ታሪኽ፡ ልምዳዊ ሕግታት፡ ባህልን፡ እምነትን ዘኽብር፡ ከምኡ ድማ ዘየነኣእስ ኰይኑ ክስራሕ፡
- ስነ-ፍልጠት፡ ቴክኖሎጅን፡ ምርምርን ክተባባዕ፡
- ዩኒቨርሲታት ዝለዓለ ኣህጉራዊ መዐቀኒታት ከምዝህልወን ክግበር፡
- ኣብያተ-ትምህርታት መሰረታዊ ስርዓትን ሃገራዊ ትሕዝቶን ክቕስማ፡

- ኣብያተ-ትምህርታት ሞያ፡ ጥበብ፡ ምህዞን ካልኦት ባህግታትን ተመሃሮ ዝኸውን ባይታ ክህልወን ምግዳድን መማህራን ድማ ንዕኡ ዝዓጠቑ ክኾኑ ክግበር፡
- መሰል ምምሃር ቋንቋ ኣደ ኣብ መባእታ ደረጃ ክረጋገጽ፡
- ኣብ ርእሲኡ ንስራሕ ዕድል ንኽጠቕሞም ወግዓውያን ቋንቋታት ንኽመሃሩ ክግባር፡
- ካሪክለመንን ዝህቦኦ ኣገልጉሎትን ብምክትታል ናይ ግሊ ትምህርታት ክፍቀድ፡
- ዕድመን ደረጃ ትምህርትን ዝተዛነቐ ክኸውን፡
- ንውልቃዊ መጽናዕትታት ዘካይዱ፡ ንብሉጻት ተመሃሮን፡ ምዕሩይ ዕድል ንምፍጣርን ድማ ማህደረ-ትምህርታት ክተኣታቶ፡
- ንውልቀ-መማህራን ኣብያተ-ትምህርትታትን ብፍሉይ ኣበርክቶኦም ሞሳን ሽልማትን ክወሃብ፡
- ደሞዝ መማህራን እኹል ክኸውን ከምዘለዎ ክግበር።

### 14.2.2. ጥዕና

ኣብ ሃገርና እቶም ቀንዲ ኣሰከፍትን ሓደገኛታትን ተርእዮታት ከም ህዝርጥና (ምኽሳዕ)፡ መጠን ምውላድ፡ መጠነ-ሞት፡ ሞት ኣደን ህጻናትን ኣብ ወሊድን ዝኣመሰሉ ይርከብዎም። ምስ ንጽህና ዝተኣሳሰር ዘጋጥሙ ተላባዕትን ዘይተላባዕትን ሕማማት እውን (ከም ኮቪድ-19 ዝኣመሰሉ) እውን ኣስጋእነቶም ኣብ ሃገራዊ ጥዕናውን ቁጠባውን ርግኣታትን ገዚፍ ኢዩ። ሓፈሻውያን መትከላትና ድማ፡

- ዝኾነ ዜጋ ብነጻ ወይ ብስማዊ ክፍሊት ክሕከም መሰል ይህልዎ፡
- ጠንቅን ሳዕቤናትን እቶም ኣብ ላዕሊ ዝተጠቐሱ ተርእዮታት ንምክልኻል፡ ንምውጋድን፡ ንምፍዋስን ጕስጓስ ምክያድ:
- ኣብ ኤርትራ ክፍወስ ምስዘይከኣል፡ ዝኾነ ዜጋ ኣብ ወጻኢ ሃገር ከይዱ ክሕከም መሰል ከምዘለዎ ምርግጋጽ፡
- ጥዕና ዘይምህላው ነውሪ ዝኾነ ዜጋ ዘይምዃኑ ምርግጋጽ፡
- ገምጋም ዕድመ ሂወት ዜጋታት ክብ ምባል፡
- ንኹሉ ዜጋ ዝሓሸን ምዕሩይን ኣገልግሎት ንኽባጻሕ ምእንቲ ንመድሃኒትን መሳርሒ ሕክምናን እኹል ባጀት ጥዕና ምስላዕ:
- ነፍሲ ወከፍ ዝህነጽ ገዛ ዓይኒ ምድሪ ክህልዎን ንዕኡ ዝኸውን ትሕተ-ቕርጺ ምትእትታው፡ ነፍሲ ወከፍ ዜጋ ድማ ንዓይኒ ምድሪ ዕድል ክህልዎ ምግባር:
- እኹል ማይን ጸረግቲ ዓይኒ ምድርን ምትእትታው:
- ሓጐስ ህዝቢ ንምርግጋጽ ኣእምሮኣውን ኣካላዊ ጸቕጥን ዝከናኸና ናይ ጥዕና ናይ ምኽሪ ማእከላት ምድንፋዕ:
- ሰብ ሞያ ጥዕና ሞሳን እኹል ደሞዝን ክህልዎም ምግባር፡
- ታሪኽ ጥዕና ናይ ሓደ ዜጋ ብዘይፍቓዱ ንኻልኦት ኣካላት ከይተሓላለፍን፡ እቲ ዜጋ ኣብ ዝደለዮ ግዜ ድማ ታሪኽ ጥዕናኡ ምስ ዝጠልብ ክወሃቦ:
- ኣብ እዘን ዝቕጽላ ጉዳያት መርገጺ ካብ ምውሳድ ንሕረም፡ ብሓጋጊ ኣካል ክውሰና ድማ ነተባብዕ።
    - ንብዝምልከቶም ዝተፈላለዩ ሰብ ሞያ ሕክምናን ትካላት ሕጊን ብዝተረጋገጸ ጾታዊ ዓመጽ፡ ንሂወት

እታ ነፍሰ-ጾር ዝፈታተን ምስዝኸውን እታ ኣደ ነቲ ህጻን ብሕጋዊ ኣገባብ ናይ ምብርዓን ጥንሲ መሰል ክህልዋ ይግባእ ዶ ኣይግባእን፤

- ብዘይፍወስ ሕዱር ሕማም ዝሳቐዩ ዜጋታት፡ ብገዛእ ፍቓዶም ናይ ምሟት መሰል ክህልዎም ዶ ክይህልዎም፤

### 14.2.3. ማሕበራውን ሰብኣውን መሰላት

ውልቃውን እኩባውን ማሕበራውን ሰብኣውን መሰላት እቲ ኩሉ ራኢና እንትልመሉ ቃጽያ ኢዩ። ሃገራዊ ሰልፊ ምስ እቶም ኣድማሳዊ ናይ ወዲ ሰብ መሰላት፡ ንዓለም-ለኻዊ ናይ መሰል ደቂ ሰብ ኣዋጅ ወሲኹካ፡ ብመትከል ኣዝዩ ኢዩ ዝሳነ። እዞም መሰላት እዚኦም ድማ ነዞም ዝስዕቡ የጠቓልሉ።

- ኩሉ ዜጋ ምስ ደስ ዝበሎ ዜጋ ብማሕበር ናይ ምእካብ መሰሉ ዝተሓለወ ይኸውን። እንተኾነ ዝኾነ ማሕበር ኣባላቱን፡ ንጥፈታቱን፡ ዕላማታቱን ብምምዝጋብ ብሃገር ኣፍልጦ ክወሃቦ ግድን ይኸውን። ብሉ መሰረት ድማ ዝግብኦ ረብሓ (ንኣብነት፡ ድጎማ ክቕበል ወይ ቀረጽ ክንሓፍ) ክረክብን፡ ዝግብኦ ግዴታ (ንኣብነት፡ ጸጥታ ከባቢን ሃገራዊ ረብሓን ዘይምዝራግ) ክፍጽምን፡
- ንኹሉ ዜጋ ካብ ብኣድልዎን ኣፈላላይን ዘመዳውነትን ሕኮኽኒ ክሓከካን ዝወርድ ምግላልን በደላትን ምኽላል፡
- መሰል ኣንስትዮ ድሮ ኣብ ልብና ስለዘረጋገጽናዮ ፍልይ ዝበለ ኰይኑ ኣይንርእዮን፤ እዚ ድማ ኩለን ኣንስትዮ ከም ኩሎም

ተባዕትዮ ኩለን ሰብ ኢየን ኢልና ስለእንኣምን ኢዩ። ተባዕታይን ኣንስታይን ብሓደ ዓይኒ በብውልቆም እትርኢ ሃገር ስለእንኣምን እውን ኢዩ። እንተኾነ ንምዕሩይ ዕድላት ንምርግጋጽን ምውሓስን ንሰርሕ። ነተን ዝህልዋ ናይ ኣንስትዮ ይኹና ኩለን ጾታ-ተኮር ማሕበራት ከም ኩለን ህዝባውያን ማሕበራት ኣቐሪብና ንዓዱ:

- ስድራ-ቤታዊ ሕጊ ሃገር፡ ማዕረነት ጾታ ኣብ መርዓ፡ ፍትሕ፡ መጉዚትነትን ውርሻን ዘውሕስ ክኸውን፡
- ምዕሩይነት ወይ ኣወንታዊ ኣድልዎ ነተባብዕ፡
- መሰልን ድሕነትን ኩሉ ሰራሕተኛ ዘውሕስ ጽኑዕ ሕጊ ምስፋር:
- ኩሎም ብዝተፈላለየ ደረጃ ንሃገር ዘበርከቱ ዝግብኦም ሞሳን ክብርን ከም ዝወሃብ ምግባር፡
- ዝኾነ ሰራሕተኛ ናይ እስትሕጋግ መሰል ከም ዝህልዎ ምግባር:
- ንዜጋታት ናይ ጡሮታ መሰል ምርግጋጽ፡
- ስድራ ስዉኣትን ስንኩላንን፡ ብመንግስቲ ዝተቐትሉን ካሕሳ ክወሃቦም:
- ዜጋታት ድሕሪ 18 ዓመት ምእካሎም ናይ ምምርዓውን ርእሶም ናይ ምኽኣልን ምርጫን መሰልን ክህልዎም:
- ዝኾነ ዜጋ ኣብ ማእከል ዝኾነ ሕብረተ-ሰብን ምድርን ናይ ምንባር መሰል ክህልዎም፡
- ህጻናትን ሽማግለታትን ምንባይ:

- ኣካላዊ ማህሰይትን ከቢድ ናይ ጥዕና ጸገም ዘለዎምን ኣብ ግምት ዘእተወ ህዝባዊ ኣገልጉሎትን ህንጻታትን ምትእትታው፡
- ነጻነትን መሰልን ምንቅስቓስ ኣብ ውሽጢ ሃገርን ወጻኢን ከረጋገጽ፡
- ሓላፍነት ዘለዎ ነጻነት ሓሳብ ምግላጽ ምድንፋዕ።

## 14.2.4. ምምላስ ኤርትራውያን ስደተኛታት

ኩሎም ካብ ኤርትራ ዝውለዱ፡ እንተወሓደ ምስ ምፍራስ ፈደረሽን ዝመጸ ዋሕዚ፡ ናብ ስደት ዘምርሑ ዜጋታት ንሃገሮም ክምለሱ ምስ ዝደልዩ ንኽምለሱ ምትሕብባርን ምትብባዕን ዝኣምን እንተኾነ እኳ፡ ሃገራዊ ሰልፊ ብዛዕባ እዚ ዕሙቕ ዝበለ መጽናዕትን መረዳእታን ክህልዎ ክሰርሓሉ ይግባእ። ኣብዚ ዛዕባ እዚ፡ ንውሓት ዓመታት ስደትን ብዝሒ ስደተኛታትን ዘርኦምን ካብ እቶም በዳህቲ ባእታታት ኮይኖም ንረኽቦም። ብፍላይ ድማ ንጸጥታን ውሕስነትን ካብኡ ሓሊፉ ድማ ንሃገራዊ ስኒት ክፈታትን ዝኽእል መታን ከይከውን ጥንቁቕ መደምደምታ ምብጻሕ የድሊ።

ናይ እተን ስደተኛታትና ኣዕቍብን ዝርከባ ሃገራት ኣቕዋምን ምስ ኤርትራ ዝርከበን ህሉው ዝምድናን ኣብ ግምት ክኣቱ ይግባእ። ምትምያን ሰነዳት፡ ሕልኽላኽ ምትላልን፡ ውዲታትን ክበዝሖ ዝኽእል ጉዳይ ብምዃኑ ብዕቱብ ጥንቃቐ ክትሓዝ ይግብኦ። ኣበይን ብኸመይን ምጥያሶም ዝብል ብድሆ'ውን ካብኡ ዝንእስ ኣይኮነን።

ነዚ ውጽኢታውን ኣተኣማማንን ምእንቲ ክኸውን ድማ፡ መንግስቲ ኤርትራ ብደገፍ ኤርትራዊ ሃገራዊ ባይቶ፡ ንመስርሕ ምምላስ ስደተኛታት

ዝግምግም፡ ዘሰላስልን ዘሳልጥን ሓደ ኣካል ብምምዛዝ ተግባራዊ ኣብ ዝኾነ እዋን ዓቲቡ ክሰርሓሉ ይግባእ ንብል። እዚ ብምትሕብባር ሕቡራት ሃገራትን ካልኦት መሻርኽትን ክኸውን ይኽእል። ካልእ እውን ብወፍርን ዜግነታዊ ሓላፍነት ብምትብባዕን ምዝኽኻርን ክኸውን ይኽእል። እዚ ጉዳይ እዚ ዝኾነት ፖለቲካዊት ሰልፊ ብውልቃ ክትውስኖ ይኹን ፖለቲካዊ ደገፍ ንምርካብ ክትጥቀመሉ ዘይግባእ ኢዩ።

## 14.3.<u>ፖለቲካዊ</u>

### 14.3.1. ዓይነት መንግስቲ

ብመሰረቱ ኣብ ኤርትራ ቅዋማዊ መንግስቲ ክትከል ኢዩ ዕላማና። ኣቃውማ እቲ ብመሰረት ቅዋም ኣብ ኤርትራን ኣብኣ ዝትከል መንግስትን ክኹንዎ እንደልዮም እምበኣር እዞም ዝስዕቡ እዮም።

- **ሃገር**፡- ዓልማናዊት
- **ስርዓት፡-** ሕብረ-ሰልፋዊ
- **ዓይነት፡-** ማሕበራዊ ደሞክራሲ
- **መልክዕ፡-** ፕረዚደንታዊ፡ ሓደ ዝማይቤቱ ቤት-ምኽሪ (unicameral)
- **ባህሪ፡-** ሓድነታዊ ምምሕዳር፡ ምእኩል
- **መዋቕር ስልጣን** ድማ እዞም ዝስዕቡ ኰይኖም፡ ብምትሕስሳብን ሓድሕድ ምቁጽጻርን ምዝማድን ይሰርሑ።
    - <u>**ሓጋጊ፡**</u> ካብ ህዝቢ ዝተመርጸ ባይቶ (ቤት-ምኽሪ) ኰይኑ ሕጊ ዝሰርዕ ኣካል ይኸውን።

- **ፈጻሚ፡** በቲ ኣብ ባይቶ ተዓዋቲ ሰልፊ ወይ ልፍንቲ ዝምረጽ መራሒ መንግስቲ ኰይኑ፡ ሕጊ ዘተግብር/ዘፈጽም ይኸውን።
- **ፈራዲ:** ፈራዶ ብባይቶ ወይ ብፈጻሚ ይምረጹ እሞ ሕጊ ብዝግባእ ምትግባሩ ዝቈጻጸሩ ይኾኑ። ካብ ናይ ባይቶ ብፍላይ ድማ ካብ ናይ ፈጻሚት ጸቕጥን ጣልቃን ድማ ነጻ ኣካል ይኾኑ

ብተወሳኺ፡ ነዚን ዝስዕባ ተኣሳሰርቲ ሓይልታት ኣብ ግምቱን ዙርያኡን የማልእ።

- መራኸብቲ ብዙሓን ዘይወግዓውያን ራብዓይ ኣካል መንግስቲ ኢየን። ካብ ቀጥታዊ ምትእትታው መንግስቲ ነጻ ክኾናን፡ ሰብ ሞያን እተን ትካላትን ኣብ ምህናጽን ምፍጻምን ሕጊ ነጻ-ፕረስ መሪሕ እጃም ይህልወን። እቲ ሕጊ ንሃገራዊ ረብሓ፡ ጸጥታዊ ድሕነት፡ መሰረታውያን ክብርታትን ከምዘይጻረር ጌሩ ይስራዕ። ሰብ ሞያን እተን ትካላት መራኸቢታትን ድማ ንገዛእ-ርእሶም ንሕጊ ነጻ-ፕረስ ክምእዘዙ ግዴታን ሓላፍነትን ከምዘለዎም ኣብ ምግባርን ምክትታልን ግደ ይህልዎም። ብተወሳኺ ንተሓታትነት ፖለቲከኛታት ጥራይ ዘይኰናስ ንህዝብን ፖለቲከኛታትን ድንድል ምዃንን ዘገልግላ ኣገደስቲ ትካላት ኢየን።
- ንደጋዊ ወራር ምክልኻል፡ ጸጥታ ሃገር ንምውሓስን፡ ባህርያዊ ሓደጋታት ኣብ ዝኽሰተሉ ምግልጋልን ዝዋኒኑ ንሃብትን ዕንትርናን ኤርትራ ዝቓውም ዘይፖለቲካውን ዘይሻራውን ሃገራዊ ሰራዊት ይህሉ:

## 14.3.2. ሕገ-መንግስቲ (ቅዋም)፡

ኤርትራዊ ኣቐዲሞም ዝተጻሕፉን ዘይተጻሕፉን መካየዲ ሕግታት ዝጸንሖ ህዝቢ ኢዩ። ብከባብያዊ ደረጃ ዝተሃንጹ ባህላውያን ሕግታት ጸኒሖም ኢዮም። ኤርትራዊ ድማ ኣብ ትሕቲ ዝተፈላለዩ ገዛእቲ ብናይ ባዕዳውያን ሕጊ ሓቢሩ ተገዚኡ ኢዩ። እዞም ገዛእቲ ብናብ እቲ ባህላዊ ሕግታትና ዝነበሮም ቅርበትን ርሕቐትን፡ ምትእንጋድን ምጉሳይን ካብኡ ሓሊፉ ምድምሳስን፡ ካብኡን ናብኡን ይፈላለዩ ኢዮም።

ብኤርትራውያን ጥራይን እሞ ድማ ነቶም ዝተፈላለየ ባህላዊ ሕግታት ዘለዎም ዘተኣናገደን ሕገ-መንግስቲ ንመጀመርያ ግዜ ኣብ 1997 ኢዩ ጸዲቑ። ኣብ ተሳትፎ፡ ኣብ ተክኒክን፡ ፖለቲካዊ ተጽዕኖ ገዛኢ ሓይሊን ተደሚሮም ርኡይ ስክፍታን ድኻምን እንተፈጠሩ እኳ፡ ቅዋም 1997 ከም ፈተነን ከም ተመክሮን ግን ብዓቕሙ ኣገዳሲ ምዕራፍን ሰነድን ኰይኑ ንረኽቦ።

ናይ 1997 ቅዋም፡ ምስ ኩሉ ፍኑያት ድኻማቱ፡ ኣብ እዋኑ ንመጀመርያ ግዜ ንዝበዝሐ ህዝቢ ዘሳተፈ ብምንባሩ ታሪኻዊ ሰነድ ኢዩ። ይኹን ደኣ እምበር፡ ነቶም ናይ መጻኢ ነደፍቲ ሓድሽ ቅዋም ከም ተመኩሮን መወከሲ ሰነድን ካብ ምኻን ሓሊፉ ከም መበገሲ ክንወስዶ ዘየኽእሉ ዘይሕለፉ ብድሆታት ኣለዉ።

ናይ 1997 ቅዋም፡

- ንኻልኦት ፖለቲካውያን ሓይልታትን በርጌሳውያን ማሕበራትን ዘየሳተፈን፡ በይንኣዊ ናይ ህግደፍን ደገፍቱ ትካላትን ውጹእ ፖለቲካዊ ጽልዋን ትልምን ዝተራእየሉ ኢዩ፡

- ብምልኪ ዝተሃንደሰን ኣብ ትሕቲ ምልኪ ዝተሃንጸን ብምዃኑ ሕጋውነቱ ስለዝብርዕን፡
- ኣብ ትሕዝቶ፡ እቶም ነደፍቱ እውን ከይተረፈ ዝተገንዘብዎ ድኽመታት ኣለዎ፡ (ንኣብነት ኣብ ዓንቀጽ 23 ቁጽሪ 2 *'መሬትን ኩሉ ባህርያዊ ሃብትን ንብረት መንግስቲ'* ኢሉ ምውቃሩ)
- ኣብ ግብሪ እውን ተሰሪሕሉ ኣይፈልጥን፤ ስለ እዚ ኣብ ባይታ ካብ ሓደ ሓድሽ ቅዋም ንላዕሊ ብልጫ የብሉን፡
- ምስ እቲ ምስ ሓደ ፖለቲካዊ ሓይሊ (ህግደፍ) ጥራይ ዝተኣሳሰር ታሪኽ ዘለዎ ሰነድ ብምዃኑ፡ ክንዲ እቲ ክፍጠር እንደልዮ ዘለና ኣሳታፊ ሓድሽ ቅዋም ዝህቦ ናይ ሓድነት መልእኽቲ የብሉን። ህዝቢ ድማ ኣብ ሕገ-መንግስቲ ዘየሻሙ ዋንነት ክህልዎን ክስምዖን ኣገዳሲ ኢዩ። ብፍላይ እቶም ኣብ ናይ 1997 ቅዋም ክትዓትን ምጽዳቕን ዘየርከበ/ቡ ወለዶ/ታት ኣብ ጅማረ ሓድሽ ምዕራፍ ክሳትፍ ምኽኣል ኣገዳስነቱ ዝነኣኣስ ኣይኮነን፡
- ብወግዒ በቲ ከውሕሶን ከተግብሮን ዝግብኦ ዝነበረ ህግደፍ ተቐቲሉ ወይ በርዒኑ ኢዩ፡
- ምሉእ ትሕዝቶኡ ናብ ክትዕ ምውራዱ ስለዘይተርፎ ነቲ ሓድሽ ቅዋም ምስራሕን ነቲ ዝነበረ ምምሕያሽን ተመሳሳሊ ጻዕርን ወጻኢታትን ምህላኹ ኣይተርፍን፡
- ንመሰጋገሪ መንግስቲ ዝተሰርሐ ናይ ሕጊ ሰነድ ስለዘይኮነን፡ ከምዘለዎ ኣብ ግዜ መሰጋገሪ መንግስቲ ክሰርሕ ድማ ኣይክእልን።

ስለ እዚ ድማ ኢና ነቲ ናይ 1997 ቅዋምን ባህላዊ ሕግታትን ካልኦት ዘይተበርበሩ ምንጭታት ሕግን ከም መወከስን መሰረትን እምበር በይኖም ቈይሞም ሕገ-መንግስቲ ኰይኖም ከገልግሉ ዘይንመርጽ። ብርግጽ ከምቲ ቅዋማዊ ፖለቲካዊ ስርዓት ምርግጋጽ፡ ሓድሽ ቅዋም ምህናጽ ተፈጥሮኣዊ መሰል ህዝቢ ኤርትራ ኢዩ ኢና ንብል። ንስለ ሃገራዊ ስኒትን ምርድዳእን፡ ብፍላይ ኣብ ምምስራት መሰጋገሪ መንግስቲ ኤርትራ ቅዋም 1997 ተራ ንኸጻወት ዝተራእየሉ መዳያት እንተሃልዩ ግን ሕድገት ክንገብር ድሉዋት ኢና። ከም መትከል ድማ፡ ኤርትራ ዝተጻሕፈ ሕገ-መንግስቲ ክህልዋ ትጽቢትናን እምነትናን ኢዩ።

## 14.3.3. ኤርትራዊ ዜግነት፡

ኤርትራ ካብ ብዙሓት መንነቶም ልሉያትን ዝተፈላለዩን ህዝብታት ዝቘመት ኢያ። ስለ እዚ ድማ ሓደ መንነት ነቲ ሓደ ወይ ንብዙሓት ወይ ድማ ብኣንጻሩ፡ ከይተጓዓጸጹ ኤርትራ ናይ ዝተወሰነ/ኑ መንነታዊት ሃገር ክትከውን ኣይትኽእልን። ስለ እዚ ድማ ኢና ሃናጺ ዝኾነ ኤርትራዊ መንነት ክምዕብልን ክስስንን እንደልዮ። ነዚ ኤርትራዊ መንነት ንምርግጋጽን ንምኽላልን ድማ ምዕዳል ወይ ምንፋግ ዜግነት ኣገዳሲ ይኸውን። እዚ ጉዳይ እዚ ብርግጽ ቅዋማዊ ጉዳይ እናኾነ እንከሎ ድማ፡ ነዞም ዝስዕቡ መትከላት ነንጽፍ።

- ብትውልዲ፡ መበቆልን፡ ክብርን፡ ኣበርክቶን ዜግነት ክወሃብ ኣይንነጽግን፡
- ብሓደ ወይ ክልቲኡ ሸነኹ ኤርትራዊ ትውልዲ ዘለዎ ዜጋነቱ ንኣምን፡

- ብመሰረት ዝቐውም ሕጊ ግቡኦምን ናይ ምንባር ግዚኦምን ንዝፈጸሙ ደቂ ካልእ ዜጋታት ከም ዜጋታት ርትዓዊ ምቕባል (naturalisation) ነተባብዕ፡
- ሓደ ዜጋ ክልተ ዜግነት ክህልዎ መሰል ይህልዎ፡
- ወሰንቲ ጽፍሕታት (ከም እኒ ኣባል ባይቶ፡ መራሒ/ት ሃገርን፡ ናይ ጸጥታን ድሕነትን ሰብ መዝን) ግን ናይ ኤርትራ ጥራይ ዜግነት ዝጸሩ ክኾኑ ይግባእ። ናይ ካልእ ዜግነት እንተኔርዎም ድማ ነቲ ካልእ ዜግነቶም ብወግዒ የደስክሉ ወይ ይስርዙ፡
- ኤርትራዊ መበቆል ዘለዎም እንተኾነ ናይ ካልኦት ሃገራት ዜግነት ዝጸሩ (እዚ እተን ዝቕመጥወን ሃገራት ክልተ ወይ ልዕሊኡ ዜግነት ምሓዝ ዘየፍቅድ ሕጊ ምስ ዝህልወን) ንኤርትራ ኣብ ዝመጽእሉ ግዜ ፍልይ ዝበለ ሰነድ ክስርሓሎም።

### 14.3.4. እምነት፡

ኤርትራ ካብ እምነታት እስልምናን (ሱኒ፡ ሰለፊ፡ ሱፊ...)፡ ክርስትናን (ኮፕቲክ ኦርቶዶክስ፡ ሮማዊት ካቶሊክ፡ ወንጌላውያን ክርስትያናት፡ መሰኻክር ጀሆቫ...)፡ ካልኦት እምነታትን፤ ከምኡ እውን ኢኣመንትን ዝቖመት ሃገር ኢያ። ፍትሕን ማዕርነትን መሰል እምነታትን ኣመንትን ኢኣመንትን ንምርግጋጽ ድማ መትከልና፡

- መንግስትን ኣብያተ-እምነታትን ዝተፈላለያ ኢየን፡
- እምነት መሰረታዊ ሰብኣዊ መሰል ኢዩ፡
- ኣብያተ-እምነታት ኣብ ሲቪላዊ ሕግታት (ከም መርዓን ፍትሕን ውርሻን) ዝኣመሰሉ ሽነኻት ኣበርክቶ ክገብራ

ከምዝኽእላ ንኣምን። ኣብ ገበናዊ ሕግታት ግን በቲ ብመንገዲ ኣመንቲ ዜጋታት ዝውክልዎ ባይቶ ኣብ ሕጊ ክህልዎም ዝኽእል ጽልዋ እምበር፡ ካልእ ቀጥታዊ ተራ ኣይህልወንን፡

- ኣብ ማሕበራዊ ኣገልጉሎት (ብፍላይ ትምህርትን ጥዕናን) ልምዓትን ብግብረ ሰናይነተን ክተሓባበራ ነፍቅድን ነተባብዕን፡
- ኣብያተ-እምነታት ይኹና ኣመንተን ንሕግን ኣብ ቅድሚ ሕግን ማዕረ ኢዮም፡
- ኩሎም ኣመንትን ዘይኣመንትን ዜጋታት ማዕረ ኢዮም፡
- ኩለን እምነታትን ዘይእምነታትን ማዕረ ኢየን፡
- ነፍሲ ወከፍ ዜጋ ዝደለዮ ክኣምንን ከይኣምንን፡ ካብን ናብን እምነታት፡ ወይ ካብ እምነት ዘለዎ ናብ ዘይብሉ ወይ ድማ ናብ ኣንጻሩ ክቕይርን መሰሉ ኢዩ፡
- ንዝኾነ ሰብ፡ ኣይኰንኩን ብዝበሎ እምነት ክጽዋዕ ወይ ኢየ ንዝበሎ እምነት ክኽላእ ኣይንድግፍን፡
- ኤርትራ ብእምነት ዝቘማ ፖለቲካውያን ሓይልታት ክህልዉዋ ኣይንድግፍን፡
- ዝኾና ፖለቲካውያን ሓይልታት ድማ ንኣማኒ ዝኾነ እምነት ወይ ኢኣማኒ ክጽንበረን ክኽልክላ የብለንን፡
- ዝኾነ እምነት ወይ ዘይእምነት ዘለዎ ኣባል ናይ እዚ ሰልፊ ምኽኒን ፍቓድ ኣለዎ፡
- እምነት ሓደ መራሒ ሃገር ንመንግስቲ ኰነ ንሃገር ክውክል ኣይግባእን ንብል።

### 14.3.5. ብሄር/ቀቢላ፡

ኣብ ዝሓለፉ ዳርጋ ሓደ ዘመን ሕብረተ-ሰብ ኤርትራ ብብሄር ኢዩ ክልለ ጸኒሑ ዘሎ። እንሓንሳእ እቲ ብሄር ከም ጽላል ብዙሓት ቀቢላታት ኰይኑ ኢዩ ተወኪሉ ጸኒሑ ዘሎ። ኤርትራ ብብሄራት ዶ ብቐቢላታት ክትልለ ይግባእን፡ መምዘኒታት ብሄር/ቀቢላ እንታይ ይኹንን ንዝብል እንተኾይኑ እቲ ህዝቢ ኣብ ሕገ-መንግስቱ ዘስፍሮ ክንሰማማዕ ኣየጸግመናን። እንተኾነ ግን ነዚኦም ዝስዕቡ መትከላትና ከነግህድ ግድን ይኾነና።

- ኩለን ብሄራት፡ ቀቢላታት፡ ቋንቋታት፡ ባህልታት፡ ልምድታትን፡ ክብርታትን ማዕረ ኢየን:
- ብብሄር/ቀቢላ ምእካብ መሰረታዊ ሰብኣዊ መሰል ኢዩ፡
- ብብሄር/ቀቢላ ዝቜመ ፖለቲካዊ ሰልፊ ኣይህሉን፡
- ብብሄር/ቀቢላ ዝቜመ ፖለቲካዊ ምምሕዳር ኣይህሉን፡
- ብብሄር ይኹን ብቐቢላ እቲ ኣሃዝ ካብ ትሽዓተ ስለዝበዝሕ እቲ ትሽዓተ ብሄራት ጥራይ ዝብል ኣይንቕበሎን፡
- ሓደ ዜጋ ዝደለዮ ብሄር/ቀቢላ ክኸውን፡ ዘይደለዮ ከኣ ከይጽዋዕ መሰል ምህላዉ ንኣምን፡
- ብሄር/ቀቢላ ሓደ መራሒ ሃገር ንመንግስቲ ኰነ ንሃገር ክውክል ኣይግባእን።

### 14.3.6. ቀጽርታት ምምሕዳርን ምርጫን፡

ኣብ ሃገርና ክልተ ዓይነት ውሽጣዊ ዶባት ክህሉ ኣለዎ – ናይ ምምሕዳር ቀጽርን ናይ ምርጫ ቀጽርን። እቲ ቀዳማይ ምስ እቲ ካልኣይ ክወዳደር

እንከሎ ቀዋምን ዘይቐዋምን ክንብሎም ንኽእል። እንተኾነ እቲ ምምሕዳራዊ ቀጽርታት ምስ ፖለቲካዊ ምዕባለታት ብደሞክራስያዊ ኣገባብ ክቀያየር ዘይኽእል ቅዱስ ኢዩ ኢልና ኣይንኣምንን። እቲ ናይ ምርጫ ቀጽርታት ድማ ኣብ ዝተወሰነ ግዜ እናተጻንዐ ዝቀያየር ኢዩ።

- ኤርትራ ቀዳማይ መድረኻ ዝዓጸወትሉ እሞ ሽዕኡ ደሞክራስያዊ ሃገር ክትከለሉ ዝግብኦ ዝነበረ ስለ ዝኾነ፡ እቲ ኣብ ግዜ ረፈረንዱም 1993 ዝተጠቐምናሉ ኣውራጃዊ ቀጽርታት (ነቲ ድሕሪ ፍርዳዊ ውሳኔ ዶብ 2002 ዝተሸርፈን ዝተወሰኾን ደሚሩ ወይ ኣጉዲሉ)፡ ኣብ ግምት ምእታውን፤ እቲ ካብ 1996 ጀሚሩ ዝተኣታተወ ናይ ዞባታት ምምሕዳር ዘሕደሮ ጽልዋ ዳርጋ ስለስተ ዕቑዳት ብምግንዛብን፤ ካልኦት ምምሕዳራዊ ሓሳባት ክህልዉ ስለዝኽእሉን፤ ብቐጥታዊ ረፈረንደም ይኹን ብባይቶ ክውሰን ይግባእ ኢልና ንኣምን፡
- ንመበገስን ብድሆታት ንምንካይን ግን ቀጽሪ ምምሕዳራት ኣብ ግዜ መሰጋገሪ መንግስቲ ከም እቲ ዝጸንሑና ክንጥቀመሎም ንመርጽ፡
- ካብ 18 ዓመት ንላዕሊ ዝኾነ ዜጋ፡ ብዘይካ ብፍርዲ ክእገድ ዝተበየነሉ፡ ክመርጽን ክምረጽን መሰል ይህልዎ፡
- እንተኾነ ምዱብ ሰራዊት (ምናልባት እውን ሃገራዊ ኣገልግሎት ኣብ ምፍጻም ዝርከብን፡ ዝተፈርደ እሱርን) ኣብ ፕረሲደንታዊ ይኹን ባይቶኣዊ ምርጫታት ከድምጽ ኣይፍቀዶን፡
- ናይ ምርጫ ቀጽርታት ብመጠን ብዝሒ ዝተወሰኑ ከባብያዊ ተወከልቲ ኣብ ባይቶ ይሕንጸጽ። ንሓደ ወኪል ባይቶ ከምርጾም ዝኽእል ብዝሒ ህዝቢ ብጽዑቕን ስሑውን ህዝቢ

ዝቕመጥዎ ከባቢ ምህላውን፡ ምግዓዝ ካብን ናብን እውን ስለዝህሉ፡ ኣብ ካብ ዓሰርተ ዓመት ዘይበዝሕ ዳግመ-ግምት ተገይርሉ ይጸንዕ ወይ ክቀያየር ይኽእል፡

- ኮምሽን ቦርድ ምርጫ፡ ኣብ እዋኑ ብዝህሉ ፈጻሚ ኣካል ይምረጽ፡ ንምጽዳቑ ግን ብባይቶ እኹል ድምጺ ክረክብ ይግባእ፡
- ኩሎም ዋናታት እተን ንኢትዮጵያ ዝተዋህባ ናይ ኤርትራ ዜጋታት ስለዝኾኑ፡ ዘለዉዎ መሬት ናብ ኢትዮጵያ ይኺድ እምበር ከም ርእሱ ዝኽኣለ ምምሕዳራዊ ቀጽሪ (እንተተኻኢሉ ናይ ምርጫ ቀጽሪ እውን) ንሪኦ።

## 14.3.7. ሃገራዊ ኣገልግሎትን ሰራዊትን፡

ኤርትራ ሃገርና ዕንትርቲ ንኽትከውን ሰላማ ንኽረጋገጽን እኹል ናይ ምክልኻል ዓቕሚ ዘለዋ ሃገር ንኽትከውን ምሉእ ድሌትናን ፍቓድናን ኢዩ። ሽሕ እኳ ዕላማና ናይ ሰላምን ልምዓትን ኣርማ ክትከውን ዘለዋ ሃገር ክንሃንጽ ይኹን፡ ንዝጸንሑ ተደጋገምቲ ናይ ኲናት ታሪኽን፡ ናይ ከባቢና ባህርን፡ እንሓንሳእ ድማ ዝረኣዩ ፖለቲካዊ ስግኣታትን ግን ህዝብና ከይተሸቑረረ ኣመት ልምዓቱን ዕቤቱን ምእንቲ ክገብር ምዑት፡ ዕንቱርን ዘተኣማምንን ወተሃደራዊ ተኽላኻሊ ሓይሊ ክህልወና ክንግደድ ኢና።

ጌጋን ዘይፍትሓዊ ኣጠቓቕማን ሃገራዊ ኣገልግሎት ኣብ ስነ-ልቦና ኤርትራውያን ኣስሪጽዎ ዘሎ ኣሉታዊ መንፈስ ብምግንዛብ ሃገራዊ ሰልፊ ብዕቱብ ይርእዮ። ንውሕስነት ኣገለገልቲ ንምርግጋጽ ብጽኑዕ እናሰራሕና፡ ኣድላይነትን ኣገዳስነትን ጸጥታዊ ውሕስነትን ውሁባት ስግኣታትን ኣብ ግምት ብምእታው፡ ወተሃደራዊ ኣጕልጉሎት ንግዚኡ ክቕጽል ንሰማማዕ።

ጕነ ጕኑ ድማ፡ ብብቕዓት ክከላኸል ዝኽእል በዓል ምሉእ ዓቕምን ስልጡንን ዝኾነ ቀዋሚ ሃገራዊ ሰራዊት ብህጹጽ ምትካል ግድን ይኾነና።

ነቲ ኣወንታዊ ናይ ሃገራዊ ኣገልጉሎት ውጽኢታት ኣብ ግምት ብምእታው ድማ፡ ሰልፍና ነቲ ወተሃደራውን ዘይወተሃደራውን (ሲቪላዊ) ኣገልጉሎት ፈላልዩ ይሪኦ ኢዩ። ምዱብ ሃገራዊ ሰራዊት ምስተሃንጸ፡ እቲ ሲቪላዊ ወይ ድማ ልምዓታዊ ኣገልጉሎት ድማ ዝያዳ ካብ እቲ ወተሃደራዊ ኣገልጉሎት (ወይ ሓንፈጽ) ተመራጺ ይገብሮ። በዚ ምኽንያት ድማ ከከም ጥቕሙ ንሃገራዊ ኣጕልጉሎት ብመቓን ግዜ ይኹን ብዓይነት ኣገልገልትን ኣገልግሎቶምን ክስራዕ ይግባእ ንብል።

ስለዚ ድማ፡

- ምክልኻል ሃገር ቀዳማይን ቀዋምን ዕማም ሃገራዊ ሰራዊት እምበር ኣባላት ሃገራዊ ኣገልጉሎት ኣይከውንን፡
- ምስ ምትካል ሃገራዊ ሰራዊት፡ እቲ ናይ 1995 ኣዋጅ ሃገራዊ ኣገልጉሎት ብወግዒ ክስረዝን፡ ብሓድሽ ተሰማማዒ ናይ ወተሃደራዊ ታዕሊም ዘየጠቓልል ሲቪላዊ ሃገራዊ ኣገልጉሎት ኣዋጅ ክትካእ፡
- ሳዋ ናይ ቁጠባዊ ሓርነት ኣርማን መፍረ ሓራ ዜጋታትን ንገብራ፡
- ሃገራዊ ኣገልጉሎት ናይ ነፍሲ-ወከፍ ዜጋ ግዴታ ኰይኑ፡ ካብ 24 ኣዋርሕ ክነውሕ የብሉን፡

- ንጽጉማትን፡ ናይ ጥዕና ጸገም ዘለዎም፡ ወይ ፍሉይ ኣበርክቶ ንዝፍጽሙ ተመጣጣኒ ፍታሕ ክግበረሎም (እዚ ብምሕረት ወይ ዘገልግሉሉ እዋን ብምንጥልጣል ክኸውን ይኽእል)፡
- ኩሎም ሃገራዊ ኣገልጉሎቶም ክፍጽሙ ወፊሮም ዝነበሩ እሞ ዓመትን ሽዱሽተ ወርሕን ዝመልኡ ከም ምሉእ ሃገራዊ ኣገልጉሎት ክሕሰበሎምን፡ ሓቀኛ ንውሓት ግዜ ዘስፈረ ምስክር ወረቐት ክወሃቦምን፡
- ኩሉ ዜጋ፡ ከም ተሳታፊ ልምዓት ሃገር መጠን፡ ክፋል ሃገራዊ ኣገልጉሎቱ ካብ 10-50 ኣግራብ ክተክል ከጽድቕን ክግደድ።
- ኩሉ ኣገልግሎቱ ዝወድአ ዜጋ፡ ዕቑር ሓይሊ ሃገር ኰይኑ ኣብ እዋን ሃገራዊ ሓደጋ ብህጹጽ ኣዋጅ መጸዋዕታ ከኽብር ይግባእ፡
- ሃገራዊ ኣገልጉሎቶም እናፈጸሙ ዝተጐድኡ ዜጋታት 'ናይ ልምዓት ስዉኣት' ክቑጸሩ፡
- ናብ ሃገራዊ ሰራዊት ዝተጸንበሩ፡ እሞ ካብ 24 ኣዋርሕ ንላዕሊ ዝጸንሑ፡ ድማ ካብ ሃገራዊ ኣገልጉሎት ይንሓፉ።

### 14.3.8. ባንዴራ፡

ባንዴራ ሃገርና ሰንደቕ-ዕላማ ኤርትራ ምዃና ኢያ። ኣገዳስነታን ዕዙዝነታን ድማ ኣዝዩ ይስቈረና ኢዩ። ኣብ ግዜ ክብታን ለጠቕታናን ድማ ንሃገራዊ ሓድነትና መለለዪት ከምዝኾነት ክብሪ ኣለና። እዚ እናኾነ እንከሎ ድማ፡ ባንዴራ፡ ዜጋታት ንዓና ክትውክለና ኢልና እንሰርሓን እንሰርዓን እምበር፡ ካብ ቅዋምን ፍትሕን ትኹን፡ ካብ መሰልን ማዕርነትን ሓደ ዜጋን ኣይትዓብን። ክትዓቢ እውን ቅኑዕ እውን ኣይኮነን፤ ሓደ ዜጋ

ክንዲ ሽሕ፡ ሽሕ ድማ ክንዲ ሓደ ምዃኑ ስለ እንኣምን። ህላዌኣ ንስኒትን ሓበን ዜጋታትን ክትሕግዝን ከተደልድልን እምበር ከተጉድል ክኸውን ኣይግባእን። ንስለ ሃገራዊ መለልዩናን ሓበንናን ባንዴራ ክሳብ ዘድለየትና እምበኣር፡

- ኣብ መጻኢ (እዋኑ ብዝጠለቦ እኹልን ርትዓውን ጠለብ ካብ ህዝቢ ምስተረጋገጸ) ኩሉ ዜጋ ካብ እዘን ዘለዋን ዘየለዋን ኣኣብ ዝተወሰነ ዓመታት ዝመስሎ ባንዴራ ናብ ውድድር ከቕርብ መሰል ይህልዎ። በዚ መሰረት ድማ፡
    - ብናይ ባንዴራ ምርጫ ኮሚሽን ምውህሃድ እተን ንመወዳእታ ናይ እቲ ውድድር ዝበጽሓ ባንዴራታት ናብ ምርጫ ቀሪበን ብቐጥታዊ ረፈረንደም ይኹን ብባይቶ ሓንቲ ካብኣተን ይምረጻ፡
    - ባንዴራ ኤርትራ ዝኾነ ንሓደ ክፋል ሕብረተ-ሰብ ወይ እኩብ ጥራይ ዘድምቕ ወይ ንገለ ዘጓኒ ወይ ዘነኣእስ ትሕዝቶ ዘለዋ ክትከውን ኣይግባእን፡
    - ሃገራዊ ሰልፊ ብመሰረት ጉባኤኡ፡ ኣኣብ እዋኑን፡ ንካብ ዘለዋ ይኹና ንዝሕጸያ ባንዴራታት ክድግፍ ወይ ብድፉኑ ክይድግፍ ይኽእል፡
    - ዝኾነት ፖለቲካዊ ሰልፊ ኣብ እተን ንውድድር ዝቐረባ ምርጫ ክትሕዝን ናይ ገዛእ ርእሳ ኣርማን ሰንደቕ-ዕላማን ክህልዋን መሰላ ኢዩ።
- ክሳብ ሽዑ ግን እታ ኣውሊዕ ባንዴራ፡ ኣብ ታሪኻዊ ኣገዳስነታን ተራኣን ዘለና ክብርን እትፈጥረልና ሓበንን ኣብ ቦታኣ ይህሉ።

- ኣብ ዝኾነ ወግዓዊ ንጥፈታትን ዓለማዊ መድረኻትን ንህልውቲ ባንዴራ ኤርትራ ብሓበን ክንጥቀመላ ንግደድ።

### 14.3.9. *ሃገራውያን በዓላትን ናይ ዕረፍቲ መዓልታትን፡*

ናይ ዕረፍቲ መዓልታት ምስ ናይ መሰል ሕቶ ብምዝማድ ንኹሎም ሕብረተ-ሰባትን ኣከባብን ኣብ ግምት ዘእተወ ክኸውን ይግባእ። ስለዚ ብትኹረት ክተሓዝ ይግብኦ። ነተን ዓመታውያን ህሉዋት ሃይማኖታውያንን ዓውደ-ኣዋርሓውያንን ሃገራውያን በዓላት ከምዘለወን ንቕበለን። ኣብ ግዚኡ ወሰኽ ምስ ዘድሊ ድማ ከከም ምዕባሌታቱ ንኸዶ። ኣብ እተን ፖለቲካውያን ወይ ታሪኻውያን ሃገራውያን በዓላት ግን ኣብ ኣሰማምይአን፡ ምጉልሐንን፡ ኣጠቓቕመአንን ርእይቶ ኣለና።

- ኩለን ሃገራውያን በዓላት (ሃይማኖታውያን፡ ዓውደ-ኣዋርሓውያን፡ ይኹና ፖለቲካውያን) ንማሕበራውን ታሪኻዊ ሓድነትን ዘደንፍዓ እምበር፡ ናይ ፖለቲካውያን ሓይልታት መናወራን ፕሮፓጋንዳን ክኾና የብለንን፡
- 24 ግንቦት መዓልቲ ምሕራር ኣስመራ እትበዓል ወይ ንምሕራር ናይ መላእ ኤርትራ ካብ መግዛእቲ ኢትዮጵያ እትውክል ትኸውን፡
- 28 ግንቦት ድማ መዓልቲ ርእሰ-ምኽኣል/ነጻነት/ልኡላውነት ትኸውን፡
- ንሓርበኛታትን ብጁዋትን ዜጋታት መዘከርታ እትኸውን ብባይቶ እትጸድቕ ወይ እትጸንዕ ሓንቲ መዓልቲ ኣብ ዑደት ዓመት ትህሉ፡

- ዝኾነ ዜጋ ንሃገራዊ በዓላትን ንዕአን ዝተሰርዑ ደረታትን ከኽብር እምበር፡ ክጽምብል ክግደድ ኣይግብኦን፡
- ዓርብን ሰንበትን ዘየተሓትታ ሰሙናውያን ወግዓውያን ናይ ዕረፍቲ መዓልታት ክኾና እንከለዋ፡ ምምሕዳራዊ ቀጽርታት ኣብ እዚ ጉዳይ እዚ ዘይምእኩልነት ምምሕዳር ነሳሲ።

## 14.3.10. ቋንቋ፡

ንሕጂ ንኣሰራርሓ ሰልፍና ምእንቲ ከቕንዕ ነፍሲ-ወከፍ ኣባልና ብዝጥቀመሉ ወይ ዘዘውትሮ ቋንቋ ክግልገል ከምዝግብኦ ንኣምን። ንኣሳልጦን መጠን ምብጻሕን ግን ትግርኛ፡ ትግረ፡ ዓረብን እንግሊዘኛን ቀዳምነት ንኽንህብ ኩነታትና ከገድደና ይኽእል ኢዩ። ዓቕሚ ሰብ እንተተረኺቡ (ዝከኣለና ድማ ክንገብር ኢና) ብኹሉ ቋንቋ ክንዓዪ ኢና።

ንወግዓዊ ቋንቋ ሃገር ብዝምልከት፡ ህዝቢ ዝውስኖ እኳ እንተኾነ፡ ሰልፍና ኣብ ሽዑኡ ኮነ ኣብ ሕጂ እትሕዞ ዝኾነ መትከል ክህልዋ ይኽእል። ብተወሳኺ ሰልፍና ኣብ ዘለዎ ሃልዩ፡

- ብመትከል ኩለን ሃገራውያን ቋንቋታት ማዕረ ምዃነን ይኣምን። እዚ ከምኡ ኢሉ እንከሎ፡ ኣብ ሃገር እውን ዝዝውተሩ ኣብ ከባቢ ድማ ጽልዋ ዝህልዎም ቋንቋታትን (ንኣብነት፡ ዓረብን ትግርኛን)፡ ባዕዳውያን ቋንቋታትን (ንኣብነት እንግሊዘኛ)፡ ብዝርግሐ ንምጥቃም ክፉት ልቢ ኣለዎ፡
- ናይ ውሽጢ ሃገር ቋንቋታት ንምምዕባል ይደፍኣሉ።

- ዝኾነ ዜጋ እንተወሓደ ንሓንቲ ወግዓዊት ወይ ናይ ስራሕ ቋንቋ ንኺቃላዕ ክጽዕር ኢዩ።

## 14.3.11. መሰጋገሪ መንግስቲ ኤርትራ (መ.መ.ኤ.)፡

በይንና ይኹን ምስ ካልኦት ሓቢርና ወይ እውን ንበይኖም ኣብ ዘረጋገጽዎ መ.መ.ኤ. ኣበርክቶና ክንገብር ድሉዋት ኢና። ነቲ መድረኽ ባዕልና ምስ እነረጋግጾ ንኻልኦት ከነሳትፍ፡ ሓቢርና ምስእነምጽኦ ድማ ሓቢርና ንኻልኦት ከነሳትፍ፡ ካልኦት ምስ ዘምጽእዎ እውን ምስኦም ሓቢርና ክንዓዪ ድሉዋት ኢና። ስለ እዚ ድማ ኢና ኣብ እዞም ዝስዕቡ እነትክል።

- ዝኾነ ይኹን ለውጢ ብምትካል መ.መ.ኤ. ይጅምር፡
- ንኹሎም ተዛመድቲ ሓይልታትን ኣካላትን ኣሳታፊ ኲይኑ፡ ዝበዝሐ ክፋል እቲ መ.መ.ኤ. ድማ ካብ ሻራ ዘይብሎም ኣካላት ይቐውምን ይምራሕን፡
- መ.መ.ኤ. ካብ ሰለስተ ዓመት ዘይነውሕ ግዜ ይህልዎ፡
- መ.መ.ኤ. ምስ ዶብን ኣህጉራዊ ዝምድናታትን ዝተኣሳሰር ወሰንትን ቀየድትን ዝኾኑ ውዕላት ክገብርን ክፍርስን ኣይግብኦን፡
- መ.መ.ኤ. ቅዋም የጻፍፍ፡
- መ.መ.ኤ. እዋናዊት ኮምሽን ምርጫ ይምስርት፡ መዓልቱ ምስ ኣእከለ ድማ በቲ ነቲ ብቅዋም መሰረት ዝተመርጸ ሓድሽ መንግስቲ የረክብ፡

- መ.መ.ኤ. ኮሚሽን ሓቅን ዕርቅን ይተክል። እዚ ኮምሽን እዚ ምሕረት የተባብዕ፡ ንዕርቂ የመቻችእ ንፍርዲ ክሓልፍ ዝግብኦ ድማ ነቲ ዝቐውም ፈራዲ ኣካል ክፈርዶ ይውስነሉ።

## 14.3.12. ወጻኢ ዝምድናታት፡

ናይ ወጻኢ ጉዳያት መርሓ-ግብርና ኣብ ሰላምን ንግድን ሓባራዊ ብልጽግናን ዝተመርኰሰ ኰይኑ፡ ናብ ጐደቦታትና፡ ከባቢናን፡ ኣፍሪቃን፡ መላእ ዓለምን ዘድሃበ ኢዩ። ንኤርትራና ዝያዳ ፈተውትን ኣድነቕትን እምበር ጸላእቲ ክነጥርየላ ኣይንደልን። ዝምርቕዋ እምበር ዝራገምዋ ሃገር ክይትኸውን እውን እጃምና ንገብር።

ወጻኢ ዝምድናታት ዙርያኡ ሰፊሕ ኰይኑ፡ ክብ ለጠቕ በሃሊ፡ ካብ ሃገር ናብ ካልእ ዘዳሉ፡ ሃገር እትፈጥሮን ኣብ ልዕሊኣ ዝፍጠሩ ግሙታትን ዘይግሙታትን ጽልዋታትን ሓደጋታትን...ወዘተ ዘካተተ እንተኾነ እኳ፡ ብርዱእ ምኽንያት፡ ኣብ ዝተወሰኑ ንሃገርና ምስ ከባቢናን ዓለምን ዘለዋ ዝምድና ብቐጥታ ዓቢ ጽልዋ ዘለዎም ጉዳያትን ኣካላትን ኣተኲርና ክነነጽር ንግደድ።

### ሀ) ዓለማዊ ምሕዝነትን ርእይቶን

ኩሉ ሰብ ሓው ኢዩ ኢልና ስለእንኣምን መሰረት ዝምድናና ምስ ኩሎም ሃገራት ሰብኣውነት ኢዩ። ድሕሪኡ ድማ ድሕነት – ድሕነትናን ድሕነት ኩሉ ሰብን። ስዒቡ ድማ ዕብየት ናትና: ካብኡ ሓሊፉ ድማ ናይ ኩሉ ሰብ። ከም ሃገር ሕውነትና ምስ ዝኾነ ሕብረተ-ሰብ ይኹን ልኡላውነት ኣብ እዚኦም ዝተመርኰሰ ኰይኑ፡ ምስ እዚ ብዘይጻረር ድማ ታሪኻዊ፡ ባህላዊ፡ ናይ ቋንቋን፡ ዓሌትን ዝምድናታት ክህልዉና ይኽእል። ንዝኾነ

ናይ ኤርትራ ሕብረተ-ሰብ ምስ ካልኦት ሕብረተ-ሰባት ዘለዎ ዝምድና ምስ ሰብኣውነት፡ ድሕነትን፡ ዕብየትን ክሳብ ዝተሰማምዐን ሃገራዊ ዝምድናዊ ረብሓን ዘደልድል ክሳብ ዝኾነን ድማ ክስርሓሉ ይግባእ።

ዝምድና ክልተ ሃገራት ብመንግስታት ክልቲኤ ወገናት ክብገስ ይኽእል ኢዩ። ብኣንጻሩ ድማ ከፈላዊ ይኹን መላእ ታሪኻዊ፡ እምነታዊ፡ ባህላውን፡ መበቆላውን ምትእስሳር ህዝብታት እዘን ሃገራት እዚኣን ንዝምድና ክልቲኦም መንግስታትን ሃገራትን ከዕቢ ይኽእል። ካብ ሃገራዊ ፍቓድ ወጻኢ ዝኾነን ንልኡላውነት ዝፍትንን ውልቃዊ ይኹን ናይ ሃገራት መርሓ-ግብርታት ግን ብቓልዕን ብጽኑዕን ንከላኸሎ። ብሓጺሩ ዝምድና ህዝብታት ክልተ ወይ ልዕሊኡ ሃገራት ብሃገር ጥራይ ዝምእከል እምበር፡ ዝምድና ክልተ ሃገራት ብዝምድና ህዝብታት ክልተ ወይ ልዕሊኡ ሃገራት ክምእከል ኣይግብኦን።

ዝኾነ ንካብ ኤርትራ ወጻኢ ዘለዉ ልኡላውነታት ዝትንክፍ ጉዳይ ንኤርትራ ናይ ዓለምለኻዊ ወይ ናይ ወጻኢ ዝምድናታት ጉዳይ ኢዩ። እዚ ንዓና ብቐጥታ ዝትንክፍ ወይ ዘይትንክፍ ክኸውን ይኽእል። እዚ ናይ እተን ብዶብ ዝለግባና ልኡላውነታት እውን ዘጠቓለለ ኢዩ። ዓለም ብኸምኡ ኢያ ትሰርሕ። ጐረባብትና እውን ንጉዳይና ብኸምኡ ኢዮም ዝሕዝዎ። ከምኡ ጥራይ ኰይኑ ዘይኰነስ፡ እንሰማምዓሉን ውሕስነት እቲ ኣሰራርሓን ኣተሓሕዛኡን ምስ እቲ ሰልፍና ኣብ ሃገርና ዘለዋ ራኢ (ዕንትርቲ፡ ጽግውትን ሕጉስ ህዝብን ዘለዋ ኤርትራ) ዝቃዶን ንዕኡ ዘኣንግድን ስለዝኾነን ኢዩ። ምስ ኣብ እዘን ልኡላውነታት ዘለዉ ዜጋታትና ዝህልወና ርክብ እውን እንተኾነ ብመንገዲ ናይ ወጻኢ ርክባት ኢዩ ዝሰላሰል።

ምስ ሕብረተ-ሰብ ዓለም ዝምድናታት ምህላው ንናይ ወጻእን ከባብያውን ምቅርራባርትን ምዕባሌታት ንምቁጽጻርን ምምእዛንን ኣገዳሲ ኢዩ። ንናይ ወጻኢ መርሓ-ግብርታት ቅርጺ ዘትሕዝ ድማ ኢዩ። መንነት ሰልፍና ኣብ ሰላምን ሓቢርካ ምዕባይን ምድሓንን ዝሰረተ ስለ ምዃኑ ኣቀራርባና ድማ ብኡ መጠን ዝተሃንጸ ኢዩ።

ስለዚ ድማ፡

- ምስ ኩለን ጐረባብትና፡ ኣቃውመአን ወይ ዝርከብኦ ፖለቲካዊ ሃዋሁ ብዘየገድስ፡ ዲፕሎማስያዊ ርክባት ከም ቀዳማይ ኣማራጺ ዝምድናታት ይውሰድ፡
- ናይ ኤርትራ ናይ ወጻኢ ጉዳያት ብኤርትራውያንን ብረብሓ ኤርትራን ጥራይ ይዕየርን ይድረኽን፡
- ዝኾነ መንግስቲ ይኹን ሰልፊ፡ ኣየናይ ፖለቲካዊ ሓይሊ ኣጥሪዎ ብዘየገድስ፡ ነቲ ኤርትራ ድሮ ኣጥርያቶም ዝጸንሐት ዝምድናታት ክዕቅብን ክዕዝዝን ክጽዕት፡
- ከባብያዊ ጂኦ-ፖለቲካዊ ምሕዝነት ኤርትራ፡ እንተወሓደ ንሃገራት ተፋሰስ ኒል፡ ቀርኒ-ኣፍሪቃ፡ ቀይሕ-ባሕርን፡ ወሽመጥን ዘተኰረ ክኸውን፡
- ምስ ኩለን ደሞክራስያዊ ርእይቶ ብፍላይ ድማ ንማሕበራዊ ደሞክራሲ ዘይጻባእ ኣቐዋም ዘለወን ደጋውያን ሓይልታት ብምምሕዛው ይስራሕ፡
- እንተኾነ ሰልፍና ትኹን ካልኦት፡ ምስ ናይ ደገ ሰልፍታት ይኹን መንግስታት ዘለወን ርክባት ንሃገራዊ ሓድነት ዘይጻባእን መሳርሒ ናይ ደጋውያን ሓይልታት ዘይምዃንን ካብ ሃገራዊ ክድዓት ክርሕቓ ሓላፍነትን ግዴታን ይህልወን፡

- ምስ ኣፍሪቃውያን ዞባውያን ሓይልታት (ከም እኒ ኢጋድን ሕብረት ኣፍሪቃን)፡ ስግር ባሕራውያን ናይ ሰላምን ምርግጋእን ተበግሶታት (ከም እኒ ኣብራሃማዊ ተበግሶን ሕብረት ዓረብን)፡ ብገዚፉ ድማ ምስ ሕቡራት ሃገራት፡ ዝግበሩ ዝምድናታትን ምውህሃዳትን ነተባብዕ፡
- ፓስፖርት ኤርትራ ክብሩን ፍቕሩን ክልዕል ንሰርሕ፡ ደጊም ዜጋታትና ናይ ደገ ፓስፖርት ምሓዝ ተሸጊሮም ዘይኰነስ ብምርጫኦም ጥራይ ኢዩ ክኸውን፡
- ዓለማዊ ዋዒ ንህላወን ድሕነትን ደቂ ሰብ ዝፈታተን ምኳኑ ንኣምን፡ ምስ እቶም ናህሩ ንምንካይ ኰነ ካብ ሓደጋኡ ንምምላጥ ዝጽዕሩ ድማ ሓቢርና ምስራሕ ንኣምን፡
- ቁጠባዊ ይኹን ፖለቲካዊ መትከላታ ብዘየገድስ ምስ ዝኾነት ሃገር ርትዓዊ ንግዲን ምልውዋጥን ነተኣናግድ፡
- ግብረ-ሽበራነት (በቲ ናትና መለክዒታት) ንኹንን ንቃለሶን፡
- ኣብ ኣህጉራዊ ውዕላት መሰል ደቂ-ሰባት ንሰማማዕ፡
- ንመሰረታውያን መትከላት ሕብረት ኣፍሪቃ ንቕበል፡
- ንመሰረታውያን መትከላት ውድብ ሕቡራት ሃገራት ንቕበል፡ ንኻልኦት በዳህቲ ኣወንታውያን ዓለማዊ ስርዓታት ድማ ልብና ኣይንዓጹን፡
- ንድሕነትን ብልጽግናን ህዝብና ብዘውሕስ መንገዲ ድማ ምስ ካልኦት ዞባውያን ምትእኽኻባት ንዓዪ፡
- ኣብ ዜጋታትና ዝተኻየደን ዝካየድ ግህሰትን ዓመጽን ምስ ኣህጉራዊ ገበናዊ ቤት-ፍርዲ ብቕርበት ክንሰርሕ ድሉዋት ኢና። ንባህላውን መበቈላውን ናይ ጉነጽ መፍትሒታት ኣብ

መዋቕር እቲ ኣህጉራዊ መፍትሒታትን ኣቀራርባታትን ግጭታት ብዕምቆት ክንደል ንደልዮ።

## ለ) ዶባት ሃገርና

ገና ካብ ባዕዲ ትግልግል ምስ ኣበለት፡ ኤርትራ ምስ ጐረባብቲ ኣብ ዝተፈላለዩ ዶባዊ ግርጭታት ኣትያ ኢያ። እዚ ንባህርን ተሓታትነትን እቲ ዝመርሕ ዘሎ ፖለቲካዊ ኣካል ሓራ ዘውጽእ እኳ እንተዘይኮነ፡ ናይ ዶብ ጉዳይ/ያት ግዜ ከይወሰድካ መዓልቦ ክግበረሉ ዘለዎ ኢዩ። ስለ እዚ ድማ ኢና:

- ንሕግታትን ስምምዓትን ዓለምለኻዊ ናይ ክልታት ኣየርን ባሕርን እንቕበሎ፡
- ነቲ ምስ የመን ዝተዳቐሰ መሪር ናይ ዶብ ፍርዲ እንቕበሎን እነኽብሮን፡
- ነቲ ኣብ 2002 ብኣህጉራዊ ቤትፍርዲ ዝተወሰነ ናይ ዶብ ፍርዲ ድማ እንቕበሎ፡
- ዝኾነ ናይ ዶብ ጉዳይ ናብ ዓለምለኻዊ ቤት ፍርዲ ብምውሳድ ብሰለማዊ መንገዲ ክፍትሑ ምጽዓር ጽኑዕ እምንቶና ዝኾነ፡
- ኣብ ኩሉ ዶባት ናይ ሰላም ምልክት ዘልዓላ ነጥብታት/ኑቕጣታት ሰላም ክንተክል እንደሊ፡
- እቲ ብሕቡራት ሃገራት ኣፍልጦ ዘለዎ ዶባትና እንቕበሎ (እዚ ነቲ ናይ 1998 ናይ የመን ኤርትራ ናይ ዶብ ውሳኔን፡ ነቲ ብ 2002 ብውሳኔ ኣህጉራዊ ፍርዲ ዝተሓደሰ ናይ ጥልያንን ሃጸይ መነሊክን ውዕልን እውን ዝምልከት ኢዩ)።

እዚ ኲይኑ ግን፡ ብፍሉይ ነቶም መሬቶም ናብ ኢትዮጵያ ዝኸዶም ዜጋታትና ኣብ ግምት ምእታው ይግባእ። በቲ ሓደ ድማ ነቲ ግምት ምእታው ዝኾነና መርገጽ እግሪ ንደሊ። ቀርቃሪ ውሳኔ ኢዩ። ስለ እዚ ድማ፡ በቲ ሓደ ነቶም ዝተኸልኡና ዜጋታትና ንምምላስ ይኹን ንምድባስ፡ በቲ ካልእ ድማ ክውነነታዊ ኣካይዳ ሃገራትን ማሕበረ-ሰብ ዓለምን፡ ብምግንዛብ መጀመርያ ናብ እቲ ዝሓሸ ዘኽእለና ውሕስነት ማለት ኣብቲ ዓለምለኻዊ ፍርዲ ክንጸንዕ ንግደድ።

- ኩሎም ዋናታት እተን ንኢትዮጵያ ዝተዋህባ ዓድታትናን ኣብ እቲ መሬት ዘለዉ ዜጋታትን ናይ ኤርትራ ዜጋታት ኢዮም፡
- እቶም ኣብ እቲ ንኢትዮጵያ ተዋሂቡ ዘሎ መሬትና ክጸንሑን ክነብሩን ዝደልዩ ኤርትራውያን ዜጋታትና ድማ ከም ኤርትራውያን ኣብ ኢትዮጵያ ናይ ምንባርን ፍልይ ዝበለ መሰልን ሓለፋን ክህልዎም ከነረጋግጽ ብሉ መጠን ድማ እቶም ኣብቲ ንኤርትራ ተዋሂቡ ዘሎ መሬት ክጸንሑን ክነብሩን ዝደልዩ ኢትዮጵያውያን፡
- እቶም ናብ ውሽጢ ኤርትራ ኣትዮም ክነብሩ ዝደልዩ ዜጋታት ድማ ኣብ ዝደለይዎ ንኽነብሩን ናይ መሬትን ምጥያስን ፍልይ ዝበለ ሓለፋን መሰልን ይወሃቦም። እዚ ሓለፋ እዚ ናይ ስራሕ፡ ማህደረ-ትምህርቲ፡ ካልኦት መሰላትን ዘጠቓለለ ኢዩ። እቲ መሬቶም ኣብ ውሽጢ ሃገራዊ ቀጽርታት ምርጫታት ዝተኻተተ ስለዘይኰነ ድማ ኣብ ዝደለይዎ ቦታ ናይ ክመርጹን ክምረጹን ዕድል ክፍጠረሎም ይግባእ፡
- ኣብ ዝተናውሐ እዋንን ምዕባለታት ብዝዓደሞ መሰረትን ድማ ነቲ ኤርትራዊ መሬት በቲ ኢትዮጵያ ናብ ኤርትራ ኣትዩኒ እትብሎ መሬት ምክሕሓስን ምድቕቓስን ነተብባዕ፡

- ነዚ ኩሉ ዝከታተል ነቶም ነበርቲ ኣብ እቲ ንኢትዮጵያ ተዋሂቡ ዘሎ መሬትና ዝርከብዎ ዘሳተፈ ኮምሽን ብባይቶ ተመዚዙ መጽናዕቲ ብምግባር ንኽውሰዱ ዘለዎም ጉዳያት ምስ ምሕጽንታኡ ናብ ባይቶ ሃገር የቕርብ። ንጥርዓናት እቶም ዜጋታትናን ነቲ በታ ኮምሽን ዝቐርብ ጸብጻብን ምሕጽንታን ምርኩስ ብምግባር ድማ፣ እቲ ባይቶ ነቶም ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሱን ካልኦት ውሳኔታትን ወሲኑ ንፈጻሚ ኣካል ንምትግባሩ የቕርብ።

ሰልፍና ንባሕሪ ብዝምልከት ምስ ዕብየትናን ከባቢናን፣ ሰላምን ምርግጋእን፣ ምውህሃድ ምስ ኣህጉራውያን ውዕላትን ብጥንቃቐን ዕትበትን መትከላቱ የቐምጥ።

- ምስ ኩለን ማይ ቀይሕ-ባሕሪ ዝጥዕመን ሃገራት ካብ ብከላን ካልኦት ኣከባብያዊ ጸገማት ንምክልኻልን፣ ከምኡ እውን ኣብ እቲ ዓለም-ለኻዊ መስመር ዝግበሩ ንጥፈታት ንምቁጽጻርን ሓቢርካ ምስራሕ ንኣምን፣
- ኢትዮጵያ (ኣብ ጐንና እታ እንኮ ኣፈፌት ባሕሪ ዘይብላ ሃገር ብምዃና) ብመሰረት እቲ ናይ ሕቡራት ሃገራት ውዕል ናይ ባሕሪ ሕጊ (UNCLOS) ተጠቃሚት ናይ ሽነኽና ዘሎ ይኹን ብሱዳን፣ ጅቡቲን፣ ሶማልያን ዘሎ ክፋል ቀይሕ-ባሕሪ፣ ከምኡ እውን ብሶማልያን ኬንያን ዘሎ ህንዳዊ ውቅያኖስ ከምዝኾነት ንኣምን። እዚ ማለት ግን፣ ሕጂ እውን ምስቲ ኣህጉራዊ ውዕል ብዝሰማማዕ መሰረት፣ ድሕነት ሃገርና ኣብ ሓደጋ ብዘየእቱን ብሰናይ ድሌትናን ጥራይ እምበር ብግዴታ ዝኸውን ከምዘይንድግፍን ከምዘይንጻወርን ከነረጋግጽ ንደሊ፣

- ብተወሳኺ ኢትዮጵያ ከም ኣካል ናይ ዞባ ንሓባራዊ ስትራተጅያዊ ጂኦፖለቲካዊ፡ ቁጠባዊን ጸጥታውን ጥቕምታት ንምርግጋጽን ንምርግጋእን ከም ኲለን እተን ካልኦት ኣብ ዙርያኣ ዘለዋ ባሕሪ ዘለወን ሃገራት ቀይሕ-ባሕሪን ሸነኽ ኣፍሪቃ ዝኾነ ህንዳዊ ውቅያኖስን ዝብጽሓ ተፈጥሮኣዊ መሰል ኢዩ። እዚ ብቐጥታ ነቲ ንሓንቲ ወናኒት ባሕሪ ዝኾነት ከም ኤርትራ ዝኣመሰለት ሃገር ነቲ ኣህጉራዊ ሕጊ ዘፍቅደላ ናይ ብሕታ ግዝኣታዊ ናይ 15 ማይልስ ርሕቐት ዝምልከት ኣይኮነን። ኢትዮጵያ ናይ እቲ ዓለምለኻዊ መሰመር ሕጋዊት ተጠቃሚት ኣብ ርእሲ ምኳና፡ ኣብ እቶም መስመራት ንዝፍጠሩ ናይ ጸጥታ ስግኣታት (ከም እኒ ናይ ባሕሪ ሽፍትነት) ኣብ ምብዳህ ንዝግበር ጻዕሪ ንኽትሳተፍ ግዴታኣን መሰላን ኢዩ፡
- ነቲ ናይ 1998 ናይ የመን ኤርትራ ናይ ዶብ ውሳኔ ከምዘለዎ ንቕበሎን ንምእዘዞን።

## ሐ) ኢትዮጵያን ሱዳንን

ወጻኢ ዝምድናታትና ኲሉ ብዛዕባ ኢትዮጵያን ሱዳንን ኣይኮነን። ንስፍሓት ዝርግሐ ዶባት ኤርትራ ምስ እዘን ሃገራት ኣብ ግምት ብምእታው፡ ከባብያዊ ወጻኢ ዝምድናታትና ካብ ምስ ካልኦት ጐረባብትና ንላዕሊ ኣገዳሲ ኲይኑ ወይ ሰፊሕ ሸፈነ ክወሃቦ ዘይግባእ ኣይኮነን። ኣብ ርእሲ እቲ ናይ ተፈጥሮ፡ ሰብን፡ ታሪኽን ዝምድናታትና፡ ናይ ድሕነትን ቁጠባን ርክብ ዘይስገርን ዘይቅደምን ኣገዳስነት ንረኽበሉ እውን ኢና። ብኣንጻሩን ብኣውራኡን ግን ብባህሪኡን ተኣፋፍነቱን ቀጻሊ

ውጡር ምዕባሌታቱን ሕልፊ እቶም ምስ ካልኦት ዘለና ናይ ዝምድናታት መትከላት ዕዙዝ ብምዃኑ፡ ብድምቀት ከነነጽር የድልየና ኢዩ።

ከም ንቡር ዲፕሎማስያዊ ኣቕርቦን ጽቡቕ ምንዮትን ኣብ ሓድነት ናይ ኢትዮጵያን ሱዳንን ኣፈናውን ቀጥታውን ርእይቶ ኢዩ ዘለና። ከሳብ ወግዓውን ሕጋውን ምግንጻል ዝፈጸመ ኣካል ዘይሃለወ፡ ኢትዮጵያን ሱዳንን ከም ሓድነታውያን ሃገራት ንርእየን፤ ብኡ መጠን ድማ ንቐርባን። ግዝኣታዊ ሓድነት እዘን ኣሓት ሃገራት ድማ ብጽኑዕ ንኣምነሉ። እዚ ማለት ግን ነቲ ኢትዮጵያውያን ይኹኑ ሱዳናውያን ባዕሎም ዘምጽእዎ ምዕባሌታት ካብ ምኽባርን ምክትታልን ዓዲ ኣይንውዕልን። ዝኾነ ክፋል ህዝቢ ኢትዮጵያ ወይ ሱዳን ብቅዋሞም ይኹን በቲ ዓለምለኻዊ ሕጊ ዝድግፎ ሰብኣዊ መሰሉ ተጠቒሙ ናይ ምግንጻል ይኹን ናይ ሓድነት ርእይቶን ተበግሶን ክወስድ ክንድግፍ ባህሪና የገድደና። እንተኾነ እቲ ዝመጽእ ምዕባሌታት ብኸመይ ይጸልወና ኣጥቢቕና ንምርምርን ንዳለወሉን። እቲ መስርሕ ምፍንጫል ኰነ ፍጹም ሓድነት፡ ብሰላም ይኹን ወይ ብሓይሊ፡ ነናቱ ንኤርትራ ዘኸትሎ ሃገራዊ ረብሓን ስግኣትን ምህላዎም ንግንዘብ። ነቲ ዝመጽእ ለውጢ መምስ ምዕባሌታቱ ክንቕበሎ ክንግደድ ኢና።

ታሪኽ ዝምድናና ምስ ህዝቢ ኢትዮጵያን ሱዳንን በቲ ሓደ ናይ ባህሊ፡ ዘርኢ፡ እምነታትን፡ ቋንቋታትን ምትሕሓዝ፡ በቲ ካልእ ድማ፡ ብፍላይ ምስ ኢትዮጵያ፡ ታሪኽ ወራራትን መግዛእትን ኢዩ። ብዘይካ እዚ፡ ፖለቲካዊ ምትንኳያት፡ ጂኦግራፊያዊ ኣቃውማ ዘስዓቦ ናይ ባሕርን ምድርን መገዲ፡ ናይ ቁጠባ ስስዐን፡ ናይ ስጋን ናይ ሃይማኖትን ህውቱት ሕልሚታትን ካብ እቶም ንኤርትራ ካብ እዘን ክልተ ሃገራት ዝመጽዋ ስግኣታት ኢዮም። ኤርትራ ኣብ እዘን ሃገራት ክትገብሮ ዝጸንሐት ምትእትታዋት ንባዕሉ ኣብ ሕጅን፡ ኣብ መጻኢ ኤርትራ ሕጋዊ ህዝባዊ

መንግስቲ እንተተኸለት እውን ኣብ ጽባሕ ንሃገርና ናይ ሕነ ምፍዳይ ስግኣት ከፈጥር ኢዩ።

ነዞም ኣቕዲሞም ዝተላዕሉ ስግኣታት ብምግንዛብን ምምርማርን፡ ኣድላዪ እንተኾይኑ ምስ እቶም ንውሕስነት ሃገራዊ ረብሓ ኤርትራን ኤርትራውነትን ዝኣምኑ ጥራይ ዘይኮነስ ብግብሪ እውን ዝሰርሑ ኣካላት ዝምድና ክህልወና ይኽእል። እንተኾነ እቲ ዝግበር ስትራተጂያዊ ድዩ ስልታዊ ዝምድናታት ብንጹር ንዝኾነ ክፉል ናይ ዕላማና፡ ህዝብና፡ ወይ ልኡላውነትና ቅንጣብ ሓደጋ ዘየስዕብ ምስዝኸውን ጥራይ ኢዩ። ኩሎም ናይ ኢትዮጵያን ናይ ሱዳንን ሓይልታት ንዕላማና፡ ህዝብናን፡ ልኡላውነትናን ይኹን ናይ ሃገራዊ ህንጻ መሪሕ ሓሳብና ዝጻረሩን ኣስጋእቲ ኰይኖም እንተተረኺቦም፡ ልክዕ እኳ ንዲፕሎማስያዊ ኣቀራርባና ዘይቕይርዎ እንተኾኑ፡ ከም ስትራተጅያውያን ኣስጋእቲ ክንርእዮምን ብሉ መጠን ድማ ከከም ኣስጋእነቶም ከነተኣናግዶምን ንግደድ።

መርገጺታትና ንምንጻር፡

- ዝኾነ ዜጋ እዘን ሃገራት ኣብ ልዕሊ ካልእ ዜጋኡም፡ ብፍላይ ኣብ ህዝቢ፡ ዝፍጽሞ መሰል ምግሃስን ጨፍጫፍን ንኹንን፡
- ዝኾነ ውሽጣዊ ግጭታት ኢትዮጵያውያንን ሱዳናውያንን ብሰላም መዕረፊ ክረክብ ዝብል ተሪር መርገጺ ንውንን፡
- ኤርትራ ኣብ ናይ እዘን ሃገራት ውሽጣዊ ዘይምርግጋእ ናይ ሽምግልናን ናይ ዓቃቢት-ሰላምን ተራ ክትጻወት ይግባእ፡

- ኢትዮጵያ ከምኡ እውን ሱዳን፡ ንሕጋዊ መሰልን መስርሕን ተጠቒሞም ናይ ርእሰ-ውሳኔ ድምጺ ንዘካየዱ ዜጋታተን ውሳኔኦም ክቕበላኦ ነተባብዕ፡
- ዝኾነ ኢትዮጵያዊ ይኹን ሱዳናዊ፡ ኣብ ሓድነት ሃገሩ ዝኣምን ይኹን ተገንጻሊ፡ ናይ ኤርትራ ልኡላውነት ብወግዒን ብሓቅን ክሳብ ዝኣመነ ዘበለ ስትራተጅያዊ ፈታዊና ይኸውን፡
- ብድሎ ይኹን ብቓጻ፡ ናይ ኤርትራ ናይ ባሕሪ ይኹን ናይ ምድርን ክሊ ኣየርን ዋንነት ዘቈናጽብን፡ ዝኾነ ንታሪኽ ኤርትራን ኤርትራውነትን ዝጻባእን ከዳኽም ዝህቅንን ንኤርትራ ከከም ደረጃኡ ስትራተጅያዊ ስግኣትን ጸላኢን ኢዩ፡
- ኩሎም ኣብ ርእሲ ኣብ ውሽጢ ኢትዮጵያን ሱዳንን ንዝርከቡ ኤርትራውያን ስደተኛታትን ነበርትን ዓመጽ ዝፈጸሙ ናይ ኢትዮጵያ ወይ ሱዳን ፖለቲካውያን ይኹኑ ወተሃደራውያን ሓይልታት ብዘይሻራውያን ወገናት ድሕሪ ምጽራይ፡ ተግበርቱ ኣብ ሕጊ ክቐርቡ ምግባር፡
- ናይ ኤርትራ ፖለቲካውያን ይኹኑ ወተሃደራውያን ሓይልታት ኣብ እዘን ሃገራት እዚኣን ይኹን ኣብ ርእሲ ዜጋታተን ዝፈጸምዎ ገበን እንተሃልዩ፡ ብዘይሻራውያን ወገናት ተጻርዩ ተግበርቱ ድማ ኣብ ሕጊ ክቐርቡ፡
- ኢትዮጵያ ወይ ሱዳን፡ ከም ሃገር፡ ወይ እቶም ሓይልታተን ገበነኛታት ኰይኖም እንተተረኺቦም ነቶም ዝተበደሉ ሸነኽ ኤርትራውያን ይቕረ ክሓቱን ክኽሕሱን ይግባእ፡
- ኤርትራ፡ ከም ሃገር፡ ወይ እቶም ሓይልታታ ገበነኛታት ኰይኖም እንተተረኺቦም ነቶም ዝተበደሉ ሸነኽ እዘን ሃገራት ይቕረ ክሓቱን ክኽሕሱን፡

- ነዞም ኩሎም መርገጺታትና ብዘይ ዕጻይ ምጻጻይ ምስ እትቕበልን እትሰማማዕን ኢትዮጵያ ትኹን ሱዳን፡ ኢትዮጵያዊ ይኹን ሱዳናዊ ሓይሊ ዝምድናና ድንፉዕ፤ ብኣንጻሩ ብኸፊል ይኹን ብምሉእ ዘይቕበሉን ዘይሰማማዑን ድማ ዝምድናና ከከም ደረጃታቶም ድሮ ልሕሉሕ ወይ ሓርፋፍ ኢዩ።

ብተወሳኺ ኣብ መንጐ ክልቲኣን ሃገራት ዘለዉ ምትፍናናት፡ ምክርኻራትን፡ ግጭታትን ኤርትራ ዓራቒ ዝኾነ ተራ ክትጻወት ይግብኣ። እዚ ግን ብሓንቲኣን ወይ ክልቲኣን ምስ ኤርትራ ዝህልወን ናይ ድሕነት ይኹን ቁጠባ ውዕልን፡ ኣብ እቲ ግዜ እቲ ዝወስዳኦ ናይ ኣቀራርባ ሕርየኣንን ይውሰን።

## መጠቓለሊ፡

መርሓ-ግብርታትና፡ ሕመረት ሃገራውያን ክብርታትና፡ መትከላትና፡ ሜላታትና፡ ርእይቶ ዓለምና ምስ ተጻረርትና ስለ ዝተሰማምዑ ነኣንዮም፡ ምስ ናይ ፈተውትና ስለዝጻረሩ ንድርብዮም ኣይኮኑን። ሃገራዊ ሰልፊ፡ ብሰልፊ ደረጃ፡ ክሳብ ኣብ መጽናዕትን ክዉንነትን ዝተመርኰሰ ገለ ስልታዊ ኣድላዪ ምስዝኸውን ድማ ሳሕቲ ስትራተጅያዊ ለውጢ ኣይገብርን ማለት ግን ኣይኮነን። እዚ ግን ኩሉ ግዜን ኣብ ኩሉ ኩነትን ምስ እቲ መሰረታዊ ዕላማና ዝኾነ፡ ማለት ንኤርትራ ዕንትርቲ፡ በዓልቲ ጸጋን፡ ሕጉሳት ዜጋታት ዘለዉዋን ምግባር፡ ብዘይጻረር ምስዝኸውን ኢዩ። ናትና ውድቀት ምሉእ ውድቀት ሃገር ክይከውን ይኽእል ኢዩ፡ ናትና ምትንሳእ ግን ብርግጽ ናይ ምሉእ ሃገር ዓወት ኢዩ።

ዓወትና ስዑር የብሉን!

ፈሪና ንጸገ!

ሃገራዊ ሰልፊ

ዕንትርና - ብልጽግና - ሓጐስ

# መዝሙር ሰልፊ

መለለዪና ሰብኣውነት
ዕጥቅና ሓርበኛውነት
እሙናት ኢና ንልኡላውነት
ጻዕራማት'ወ ጻማና ንሓፍስ ብሓላፍነት

ዓወትና ስዑር የብሉን
ዓወትና ዓወት ኩሉ ዜጋታት
ከም ንስሪ ዝሕደስ ሓይልና
ራሕሲ ሰማይ ኣብ ክንፍና
ፈሪና ንጸጊ ድቂ ህዝቢ ኢና

**ሃገራዊ ሰልፊ፡ ሃገራዊ ሰልፊ**
**ኣውራ ወኪል ሓፋሽ ህዝቢ**

መለለዪና ደሞክራሲነት
ስልጣኔና ውልቃዊ ናጽነት
ሃገራዊ ስኒት ንብልጽግና
ኣብ ማዕረ ዕድል እቲ ዓንተርነትና

ዓወትና ስዑር የብሉን
ዓወትና ዓወት ዕርክነት
ግዝኣተ-ሕጊ ርትዒ ማዕርነት
ናቋ መለኸትና ንሓርነት
ፈሪና ንጸጊ ሰልፊ ስድራ-ቤት።